# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 32 ዓመት ቁ.296 | ዓርቢ 11 ነሓሰ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ብተወሳኺ መግቢ "ዲ.ኤም.ኬይ."ን ጸባ ጡብ ኣደን . . .






ገጽ 3
ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን

ገጽ 4
ዕድለኛታት ዝበሃሉ ሰባት ከመይ ዝበሉ እዮም?






ገጽ 5
ባኒ እንድዩ. . .


ገጽ 7
ሙኒክ፡ ምስ ቶተንሃም ተሰማሚዓ





# ኤርትራውያን ነበርቲ ካናዳ ምዕሩግ ፈስቲቫል ኣካዪዶም

ኤርትራውያን ነበርቲ ካናዳ "ቅያ ስጡም ማሳርዕ" ብዝብል ቴማ - ካብ 5 ክሳብ 7 ነሓሰ ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ምዕሩግ ዓመታዊ ፈስቲቫሎም ኣካዪዶም፡፡

ኣብ'ቲ ብበሃላዊ ማሳናድኢታት፡ መደባት ስድራቤታት፡ከም'ኡ'ውን ናብ መንእሰያትን ህጻናትን ዝቐንዐ ማሰናድኢታት ዝደመቐ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ካናዳ ዝመጽኡ ኣማኢት ዜጋታት ተሳቲፎም፡፡

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓል ቶሮንቶ ኣቶ ተመስገን ሓይልኣብ፡ ሰራትን ወህደትን ዜጋታት ብሓፈሻ፡ ማሕበረኮማትን ወዳብታትን ድማ ብፍላይ - ጸባቐ ፈስቲቫላት ኤርትራውያን ከም ዝዘርኡ ኣረዲኦም፡፡

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ይሃሉ፡ ብዕዙዝ ሱታፌኡ - ሃገራዊ ጉዳያቱን ውራያቱን ዘማዕርግ፡ ፍትሓዊ መኸተኡ ዘዐውት፡ ንቑሕ ህዝቢ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ተመስገን፡ ዓመት መጸኢ ዝደምቐን መመሊሱ ዝበርኽን ጭውዳት፡ ናይ'ዚ መርኣያ ከም ዝኾነ ገሊጹ፡፡

ተሳተፍቲ ፈስቲቫል - ሃገራውን ሰውራውን ክብሪታት፡ ባህልን ታሪኽን ከም'ኡ'ውን ሃገራዊ ጥምረት ዝኾልዓሉን ዝወራረሱሉን ባይታ ብምዃኑ፡ ንደምቀቱን ስፍሓት መደባቱን ኩሉ ካብኦም ዝሕተት ክገብሩ ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም፡፡



# ኣብ ራሓይታ፡ መስመራት ዝሰተ ማይ ተዘርጊሑ

ብምትሕብባር ሓይሊ ባሕሪ እዚ ደቡብን ክኢላታት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንከልን፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ራሓይታ መስመራት ጽሩይ ዝሰተ ማይ ተዘርጊሑ፡፡

ኣብ ዝተገብረ ስነስርዓት መመረቕታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንከል ኣቶ ብርሃነ መዝገቡ፡ ህዝቢ ብሓፈሻ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝነብር ድማ ብፍላይ - ተጠቃሚ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክኸውን ቀጻሊ ጻዕሪ ከካየድ ምጅኒሉ ብምጥቃስ፡ እዚ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ራሓይታ ተገይሩ ዘሎ ምስፋሕ ቀረብ ኣገልግሎት ማይ፡ ናቱ መቐጸልታ ከም ዝኾነ ሓቢሩ፡፡

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ስራሕ ተለንተ መንደር ስመረኣብ ብወገኑ፡ ካብ ፎረሸ ናብ ራሓይታ፡ ራስዱሜራ፡ ጋሕሮን ቡሬን 32 ኪሎሜተር ዝዝርጋሕ ሻምብቆታት ማይ ከም እተገጣጠመ፡ ኣብ ዱሜራ 2፡ ኣብ ራሓይታ 2፡ ኣብ ጋሕሮ 4፡ ኣብ ቡሬ ድማ ሓደ መዐደሊ ነቑጣታት ምትዕርራይ ከም እተገብረለ፡ ናብ ኣብያቲ እውን መስመራት ከም እተዘርግሐ ገሊጹ፡፡

# ተርእዮታት ኣንበጣ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ይኣቱ ከምዘሎ ተሓቢሩ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ጀሚሩ ኣብ ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከልን ደቡብን ከጋጥም ዝጸንሐ ለበዳ ኣንበጣ ምድረበዳ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ይኣቱ ከምዘሎ ሓቢሩ፡፡

ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዘጋጠመ ወረር ኣንበጣ ምድረበዳ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ምብራቓዊ ገማግም ባሕሪ ሃገርና ኣብ ወርሓት ሚያዝያን ግንቦትን ዝወቐዐ ዘይንቡር ዝናብ፡ ንሱ ዝፈጠሮ ምርባሕን ምብዝሕን ኩብኩባታን ምዃኑ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ብቖሊን ኣወሃሃዲ ምክልኻል ኣንበጣ ምድረበዳ ኣብ'ቲ ዞባን ኣቶ ተስፋት ገረዝጊሄር ሓቢሩ፡፡

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ወከል ሓላፊ ኣሃዱ ቊጽጽር ሳንምቲ ባልዓት ኣቶ ኤፍሬም ኣሮን ብወገኑ፡ ብድምር ኣብ ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደቡብን ማእከልን ኣስታት 2,300 ሄክታር መሬት ብኣንበጣ ምድረበዳ ከም እተጠቕዐ ብምሕባር፡ ብናይ መንግስትን ናይ ውልቅን መካይን፡ ከም'ኡ'ውን ብሞተራይዝድን ናይ ኢድን መንጸጊታት ዝተሰነየ ኣስታት 1,800 ህዝቢ፡ ሰራዊትን ክኢላታት ሕርሻን ዝተሳተፍዎ ዕዉት ቊጽጽራዊ ስራሕ ይካየደሉ ምህላዉ፡ ዛጊት ድማ ኣብ ዘራእቲ ዝጥቀስ ጉድኣት ከም ዘይወረደ ገሊጹ፡፡



ኣብ ዞባ ማእከል ንዝተኻየደ ቊጽጽር ኣንበጣ ምድረበዳ ብዝምልከት፡ ሓላፊት ኣሃዱ ምክልኻል ባልዓትን ሕማማትን ብቖሊ ወ/ሮ ሃይማኖት እምባዬ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ከለን ንኡሳን ዞባታት ካብ 11 ሓምለ ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለየ መዓልታት ኣንበጣ ምድረበዳ ክርኢ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ክሳብ 6 ነሓሰ ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ከየውረደ፡ ዕዉት ዝኾነ መኸተ ከም እተኻየደሉ ሓቢራ፡፡

# መዓስከር ደንደን - ንተኣለይቲ ስንኩላን ናይ ምዝንጋዕ መደብ ተኻዪዱ

ጉጅለ 'EPLF HGDEF VISION PALTALK ROOM'፡ ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራን ብምትሕብባር፡ ብ6 ነሓሰ - ኣብ መዓስከር ደንደን ንዝርከቡ ተኣለይቲ ስንኩላን ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን መደብ ወዲቡ፡፡



ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ ጉጅለ - ነባሪ ሽወደን ኣቶ የሴፍ ላይኔ፡ እዚ ኣብ ምሕጋዝ ስድራ ስውኣትን ሓርበኛታት ስንኩላንን ዘተኮረ ዝጸንሐ ጉጅለ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ብዝርከቡ ሃገራውያን ኤርትራውያን - ኣብ 2015 ዝቖመ ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ዛጊት ኣስታት 500 ሽሕ ዶላር ንስድራ ስውኣት፡ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ዶላር ድማ ንሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ደገፍ ከም ዝዘከረ ገሊጹ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር መናበዪ ስንኩላን መዓስከር ደንደን ኣቶ የማነ ጺጋይ፡ ኣባላት እዚ ጉጅለን ካልኦት ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝነብሩ ግዱሳት ኤርትራውያንን፡ ጉድኒ-ጉድኒ እቲ ኣብ ሃገራዊ መደባት ዝገብርዎ ኣበርክቶ፡ ኣብ ምእላይን ምጥያስን ሓርበኛታት ስንኩላን ዝርኣይዎ ሓልዮትን ፍቕርን ኣመስጊኑ፡፡

ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ ኣቶ መሓመድኑር እድሪስ ብወገኑ፡ ጉጅለ 'EPLF HGDEF VISION PALTALK ROOM'፡ መደባት ማሕበር ንምድጋፍ ንዝገብሮ ኩሉመዳያዊ ሓገዝ ብምምስጋን፡ ኣብ መጻኢ'ውን ከም ዝቕጽሎ ዘለዎ እምነት ገሊጹ፡፡



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ብተወሳኺ መግቢ 'ዲ.ኤም.ኬይ.'ን ጸባ ጡብ ኣደን፡ ጥዕናን ዕብየትን ህጻናት ነውሕስ!!

ቅነ ጸባ ጡብ ኣደ ኣብ ሃገርና፡ "ብተወሳኺ መግቢ 'ዲኤምኬይ'ን ጸባ ጡብ ኣደን፡ ጥዕናን ዕብየትን ህጻናት ነውሕስ!!" ብዝብል ቴማ - ካብ 1 ክሳብ 31 ነሓሰ ይዝከር ኣሎ። ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ምስ ማዕከን ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNICEF) ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ሚኒስትሪታትን ትካላትን ብምዃን ኣዴታት ኣብ ጸባ ጡብ ኣደን ተወሳኺ መግቢ ህጻናትን ዘለወን ንቕሓት ኣብ ምብራኽ ዝተፈላለዩ መደባትን ንጥፈታትን ኣብ ምኪያድ ይርከብ። ዕላማኡ ድማ፦

* ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሜኦም ህጻን ዝምዝገብ ዘሎ ልዑል ናይ ምጥባው ልምዲ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ተወሳኺ መግቢ ንዝጅምሩ ልዕሊ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ህጻናት ንዝርአ ጉድለት ኣመጋግባ ምምሕያሽ መፍትሒኡ ምንዳይን።

* ኣብ ተወሳኺ መግቢ ህጻናት 'ዲ.ኤም.ኬይ.' ዝያዳ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ኣዴታት ኣብዚ መግቢ'ዚ ዘለወን ኣፍልጦ ንምዕባይ ምግሳጋስን ምስትምሃርን። ምኽንያቱ፡ ብግቡእ ዝተዳለወ ተወሳኺ መግቢ ህጻናት ማለት 'ዲ.ኤም.ኬይ.' ካብ ኩሎም ዓይነት ዓጸቦ ናይ ምክልኻል ልዑል ብቕዓት ስለዘለዎ።

* ማዕረ ማዕረኡ ንኣገዳስነት ጸባ ጡብ ኣደ ብምግላጽ፡ ንሓፈሻዊ ኣመጋግባ ህጻናት ዝምልከት ኣብ ሕብረተሰብ ጽልዋን ለውጥን ምፍጣር።

* ጸባ ጡብ ኣደ፡ ምንጪ ውሕስነት መግቢ ዕሸላትን ሕጻናትን ምዃኑ ብምግሳጽን ቁጽሪ ኣጥበውቲ ኣዴታት ምዕባይን።

* ንኣደ ምሕጋዝ፡ ናይ ኩሉ ሕብረተሰብ ተሳትፎን ሓላፍነትን ምዃኑ ንምርግጋጽ ቀጻሊ ጎስጓስ ምግባር።

### ጸባ ጡብ ኣደ፡ መተካእታ ዘይርከቦ ምስ ኩነታት ዝቐያየር መግቢ ህጻን

ጸባ ጡብ፡ ሓደ ህጻን ውልድ ምስ በለ ጀሚሩ ክምገቦ ዝግባእ ብሉጽ መግቢ እዩ። ብቐንዱ ማይ፡ ስብሒ፡ ፕሮቲን፡ ቫይታሚናት፡ ማዕድናት ከምኡ'ውን ንስርዓተ ምሕቃቕ ምግቢ ዝሕግዙ ነዚ (enzyme) ሆርሞናት ዝሓቖፈ እዩ። ካብ ኣደ ዝምንጩ ሕማም ዝከላኸል ጸረ ነፍ ኣካል (antibody) ስለዘለዎ፡ ረኽሲ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ'ውን ኣለዎ።

ጸባ ጡብ ከም ኩነታቱ ዝለዋወጥ ባህሪ ኣለዎ። ንኣብነት ካብ ናይ ንግሆ ብዝያዳ ድሕሪ ቐትሪን ምሸትን ስብሒ ዝመልኦ ይኸውን። ኣብ እዋን ምጥባው'ውን ይፈላለ እዩ። እቲ ህጻን ክጠቡ ክጅምር እንከሎ እቲ መጀመርታ ዝፈስስ ጸባ ቐጢን - ብ'ላክቶስ' ዝበልጸገ ስለ ዝኾነ፡ ንምስታዩ ቀሊል ከምኡ'ውን ጽምኢ ዘርዊ ይኸውን።

ብድሕሪኡ ዘሎ ጸባ፡ ክሬም መሰሊ ስብሕን ዝሓዘ እዩ። ነቲ ህጻን ከምዝጸግብ ይገብሮ።

ኣብ ግዜ ምዉቕ ኩነታት ኣየር፡ ጸባ ጡብ ኣደ ዝሕል ዝበለ ይኸውን። ኣብ ግዜ ዝሑል ኩነታት ኣየር ድማ እቲ ጸባ ምጡን ምቅሩ ዝሓለወ ስለ ዝኸውን፡ እቲ ህጻን ክጠቦ ፍሉይ ባህታ እዩ ዝፈጥረሉ።

እዚ ከከም ኩነታቱ ዝለዋወጥ ባህሪ ጸባ ጡብ ኣደ፡ ክምስራሕ ዘይክእል ይገብሮ።

ረብሓ ጸባ ጡብ ኣደ

=> ጸባ ጡብ ኣደ፡ ንኩሉ መዳያዊ ዕብየት (ኣካላውን ኣእምሮኣውን) ትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ህጻን ዘማልእ እኹል ዝተመጣጠነ መግቢ'ዩ።

=> ቀልጢፉ ይሓቅቕ፡ ብግቡእ ድማ ኣብ ጥቕሚ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕብየት እቲ ህጻን ይውዕል።

=> ካብ ረኽሲ ይከላኸል።

=> ፍቕሪ ምስ ኣደ የደልድል።

=> ንምዕባለ ሕጻን ይሕግዝ።

=> ብልሒ ኣእምሮ የዕቢ።

=> ካብ ጥንሲ ይከላኸል።

=> ጥዕና ኣደ ይሕሉ።

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ማይን ኑጸድን ከይሓተተ፡ ብተፈጥሮ ዝዳሎ ብምዃኑ፡ ኣከባብያዊ ብከላ ኣብ ምክልኻል'ውን እጃም ኣለዎ።

### ቅሉዕ ኣመጋግባ ህጻን

ህጻን ውልድ ምስበለ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት፡ ጸባ ጡብ ክጅምር ኣለዎ። ክሳብ 6 ወርሒ ዕድመ ዝኾነ፡ ብዘይ ዝኾነ ተወሳኺ መግቢ ጸባ ጡብ ኣደ ጥራይ ምምጋብ። ካብዚ ዕድመ'ዚ ንደሓር ግን ነቲ ዝርአዩ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕብየት ንምምላእ፡ ጸባ ጡብ ኣደ ከይተቛረጸ ግቡእ ተወሳኺ መግቢ ክንጅምረሉ ይግባእ። እቲ ህጻን 2 ዓመት ክሳብ ዝመልእ ምጥባው ከየቋረጽና፡ ኣብ ከባቢና ብዝርከቡ ኣእካልን ጥረታትን ተጠቒምና ከም 'ዲ.ኤም.ኬይ.' ዝኣመሰሉ ተወሰኽቲ መግብታት ከነዳልወሉ ንግበር።

### ኣብ ኤርትራ ደረጃ ምጥባውን ተወሳኺ መግብን ህጻናት እንታይ ይመስል?

ኣብ ኤርትራ ኣብ 2002 ከምኡ'ውን ኣብ 2010 ብሃገር ደረጃ ዝ ብዝምልከት መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ። ውጽኢት ናይቲ መጽናዕቲ ዝ ኣብ ሰንጠረዥ ዝርከብ ይመስል።

| ዕድመ ህጻን | 2002<br>ምጥባው ህጻናት < 6 ወርሒ ዕድመ | 2010<br>ምጥባው ህጻናት < 6 ወርሒ ዕድመ |
|---|---|---|
| ትሕቲ ክልተ ኣዋርሕ | 79.4% | 85.7% |
| ካብ 2-3 ኣዋርሕ | 53.1% | 75.3% |
| ካብ 4-5 ኣዋርሕ | 25.8% | 69.% |

ስለዚ፡ ኤርትራ ንትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ህጻናት ጸባ ጡብ ኣደ ኣብ ምምጋብ ጸቡቕ ጎስጓስ እያ ተመዝግብ ዘላ። ንልዕሊ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ህጻናት ዝወሃብ ተወሳኺ መግቢኸ ከመይ ይመስል?

=> 77% ህጻናት፡ ልዕሊ 6 ወርሒ ዕድመ ምስ ረገጹ፡ ግቡእ ተወሳኺ መግቢ ኣይረኽቡን።

=> 50% ህጻናት፡ ብጉድለት ኣመጋግባ ዝመጽእ ትሑት ቁመት ሰለባት ይውንኑ።

=> 39% ህጻናት፡ ምስ ዕድሚኦም ብምዝማድ፡ ኣብ ትሕቲ ንቡር ሚዛን ይርከቡ።

=> 15% ብጽዑቕ ዓጸቦ ተጠቒዖም ኣለው።

### መፍትሒኡ ኸ?

ኣዴታት ኣብ ተወሳኺ መግቢ ህጻን ዘለወን ኣፍልጦ ከዕብያ ምግባር እቲ ቀዳማይ ተዋሂብዎ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝግበር ዘሎ ጎስጓስ እዩ። እዚ ጎስጓስ ኣዴታት ጥራይ ዘይኮነ ኩሉ ኣባል ስድራ፡ ብሓፈሻኡ ድማ እቲ ሕብረተሰብ ክሳተፈሉ ዝግባእ ምዃኑ ግን ክንዝንግዖ የብልናን።

### 'ዲኤምኬይ' ኣገዳሲ ተወሳኺ መግቢ ህጻናት






ኣብ ሃገርና፡ 'ዲ.ኤም.ኬይ.' ከም ሓደ ኣገዳሲ ተወሳኺ መግቢ ህጻናት ኮይኑ - ክንጥቀመሉ ካብ እንጅምር፡ ነዊሕ እዋን ኣቑጺሩ ኣሎ። 'ዲ.ኤም.ኬይ.' ዝብል ኣሕጽሮተ ቃል፡ ካብ ቋንቋታት ዓረብኛን እንግሊዝኛን ብምትሕንፋጽ ዝቖመ ቃል ኮይኑ፡ ክትርጎም ከሎ ድማ፡ ሕውስዋስ (ዕፉን ጸባን ዓተርን) ማለት'ዩ። እዚ ናይ ሰለስቲኡ ሕውስዋስ ተወሳኺ መግቢ፡ ኣብ ሱዳን ንትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናት ዝዳሎ ዝነበረ መግቢ'ዩ። ዚ ብምውሳስ - ኣብ እዋን ገድሊ፡ ነቲ ናይ ጸባ ትሕዝቶ ብፉል ብምትካእ፡ መሽላ ወይ ስርናይ ተሓዊሱዎ ኣብ ፋብሪካ ተማስሪሑ ንህጻናት ቤት-ትምህርቲ ሰውራን መእለዪ ህጻናት (እንዳ 17ን) የገልግል ነይሩ።

ድሕሪ ናጽነት'ውን መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣገዳስነቱ ብምርዳእ፡ ኣብ ፋብሪካ ሓፈሻዊ መጥሓን ቀይሕ ባሕሪ ብምፍራይ፡ ናብ መላእ ሃገር ብርትዓዊ ዋጋ ኣብ ዕዳጋ ብምዝርጋሕ፡ ናብ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ይከፋፈል ነይሩ። ብመጠን ተጠቃምነቱ፡ ውጽኢቱ ስለ ዝተማስከረሉ ድማ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብዙሕ ተቐባልነት ኣሕደረ።

ኣብ ውሱን እዋን፡ ፋብሪካ ሓፈሻዊ መጥሓን ቀይሕ ባሕሪ - ቀረብ 'ዲ.ኤም.ኬይ.' ኣብ ዕዳጋ ዝውሕደሉ እዋን፡ ሕብረተሰብ ካብ ሸውዓተ ክሳብ ዓሰርተ ዓይነት ኣእካልን ጥረታትን ናይ ዘይቲ ኣዝርእትን ብምትሕውዋስ፡ ኣብ ገዛ ባዕሉ ኣዳልዩ ይጥቀመሉ ኣሎ። እዚ ኣብ ገዛ ዝዳሎ ዘሎ 'ዲ.ኤም.ኬይ.'፡ ኣብ ሃገርና ካብ ዝፈርዩ ኣእካልን ጥረታትን ናይ ዘይቲ ኣዝርእትን ጥራይ ዝዳሎ፡ ካልእ ናይ ስቡሰርሒ ቀመማት ስለ ዘይሕወሶ ሓደ ካብ'ቲ ዓቢ ብልጫኡ እዩ።

እዚ ማለት ግን፡ ዲኤምኬይ ንኹሉ ጥዕናን ዕብየትን ህጻናት ዘድልዩ ዓይነታት መግቢ ይሸፍን ማለት ስለ ዘይኮነ፡ ህጻናት ኣብ ርእሲ ዲኤምኬይ፡ ከም ተወሳኺ ኣሕምልቲ፡ ፍረታትን፡ ንኽልተ ዓመትን ልዕሊኡን ጸባ ጡብ ብስሩዕ ክምገቡ ይግባእ።

### ጥቕምታት 'ዲ.ኤም.ኬይ.' ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ህጻናት

'ዲ.ኤም.ኬይ.' ካብ ዝተፈላለዩ ኣእካል፡ ጥረታትን ናይ ዘይቲ ኣዝርእትን ዝዳሎ ብምዃኑ፡ ብፕሮቲን፡ ካርቦሃይድረይትስን ስብሕን ከምኡ'ውን ብኻልኦት ድቂ-መኣዛታት ዝሃብተመ እዩ። ስለዚ፦

ህጻናት ድልዱል ኣካላዊ፡ ስኡ ኣእምሮውን ማሕበራውን ዕብየት ክውንኑ ይሕግዞም።

ብሰንኪ ጉድለት መኣዛዊ ኣመጋግባ ንዝርአ ትሑት ሚዛን - ማለት ዓጸቦ ኣብ ምክልኻል ልዑል ተራ ይህልዎ።

ዝኾነ ኣርተፊሻላዊ መስርሕ ወይ ኬሚካል ከይተሓወሶ፡ ኣብ ገዛውን ብቐሊል ዝዳሎን ዝምስራሕን ብምዃኑ፡ ወጻኢታት ስድራቤት ብምንካይ ጥዕና ህጻን ኣብ ምውሓስ ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ።

### ጽሬት ኣብ ምድማር ተወሳኺ መግቢ ህጻን

ኣብ እዋን ምትእትታው ሓዲሽ መግቢ ኣብ ዓይነትን ትሕዝቶን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ጽሬት ግቡእ ኣድህቦ ምግባር'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ትህቦ መግቢ ብግቡእ ጽሬቱ ዘይተሓለወ እንተኾይኑ፡ ኣብ ክንዲ ኣካላት ዝሃንጽ ጠንቂ ሕማም ኮይኑ ነቲ ህጻን ናብ ከቢድ ኣካላዊ ጸገም እዩ ዘእትዎ። ስለዚ፦

= ነቲ ህጻን ዝወሃብ መግቢ ሸውንሸው ዝተዳለወ ምስ ዝኾውን ጥዕናኡ ዝተሓለወ እዩ። ተዳልዩ ዝጸንሐ መግቢ ንበኸላን ምምራዝ ባክተርያን ዝተቓልዐ እዩ።

= ቅድሚ ነቲ ህጻን ምምጋብ፡ እታ ኣደ ጽሬት ኣካላታ ብፍላይ ጽሬት ኣእዳዋ ከምኡ'ውን ጽሬት ኣእዳው ናይቲ ህጻን ክትሕሉ ይግባእ።

= ናውቲ ምግባብ ብግቡእ ተሓጺቦም፡ ጸርዮም፡ ነቒጾም ተኸዲኖም ክቕመጡ ኣለዎም።

= እቲ ዝወሃብ መግቢ ስዉቆ እንተኾይኑ ንነዊሕ ዝበለ ግዜ ክበስል ይግባእ።

### ብኸመይ ነቲ ህጻን መግቢ ንጅምረሉ?

ነቲ ህጻን መግቢ ኣብ እንጅምረሉ እዋን ነቲ ዕድሚኡ ጥራይ ዘይኮነስ ድሌት ናይቲ ህጻን ከሰንበዕ'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ህጻን ነቲ ትህቦ መግቢ ደጋጊሙ ይነጽጎ እንተሎ፡ ከተገድዶ ዘይኮንካ ንሓደ ወይ ክልተ ሰሙን ክትጸበዮ ይከኣል እዩ። ገለ ህጻናት ክሳብ 8 ወይ 9 ወርሒ ዝኣኽሉ መግቢ ምውሳድ ይኣብዩ እዮም። ኣብ ከምዚ ቀልጢፍካ ናብ ሕክምና ብምኻድ ምኽርን ክንክንን ክትገብር ከም ዘለካ ዘይምዝንጋዕ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጾ. 1284

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቸዝ

ጸወታ ቸዝ፡ መበቆሉ ህንዲ ምዃኑ'ዩ ዝንገር። ቅድሚ 1500 ዓመታት፡ ብተኸተልቲ ሃይማኖት ቡድሃ ይጽወት ከም ዝነበረ፡ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ናይዚ ጸወታ የረድእ። ንኣማዕብሎ ጸወታ ቸዝ ዝገልጽ ንጹር ሓበሬታ'ኳ እንተ ዘየሎ፡ ተኸተልቲ ሃይማኖት ቡድሃ፡ ኩናት ከየካይዱ ሕሩማት ስለ ዝነበሩ፡ ከም ሰላማዊ ኣማራጺ ነዚ ዓይነት ጸወታ'ዚ ከም ዝመሃዙ ይጥቀስ። ቸዝ ኣብ'ቶም ዝመሃዞዎ ህንዳውያን ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ሓጺር እዋን'ዩ ናብ ምሉእ ዓለም ኣስፋሕፊሑ። ብኣረን ኣቢሉ ናብ ምሉእ ሃገራት ኣዕራብ - ባሕሪ ሰጊሩ'ውን ዳርጋ ናብ መብዛሕትአን ሃገራት ምዕራብ ክበጽሕ ክኢሉ። ቸዝ ብቛንቋ ፋርስ ንጉስ ማለት'ዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ካብ ዝዘውተር ጸወታ ቸዝ እታ ዝለዓለ ሓይሊ ዘለዋ ንግስቲ እያ። ንሳ ዝለዓለ ሓይሊ ሒዛ ክትከይድ ዝጀመረት፡ ካብ ቅድሚ 500 ዓመት ኣቢሉ እዩ። "ካስሊንግ" ዝተባህለ ኣገባብ ጸወታ ቸዝ'ውን ካብ ቅድሚ 400 ዓመት'ዩ ተኣታትዩ።



## ሳም ኩክ

ሳሚኤል ኩክ፡ ኣብ 1931 ኣብ ቺካጎ (ኣመሪካ) ተወልደ። ብዘለዎ ክእለት ኣብ ልቢ ብዙሓት ኣፍቀርቲ መዚቃ ክበጽሕ ክኢሉ። ግጥምታቱ ብቐሊል ኣበሃህላ ዝተሃንጹ ኩይኖም፡ ዓቢ ትርጉም ዘለዎም'ዮም። ንሱ ገና ብቑልዕነቱ'ዩ ሃረርታ ደርፍን መዚቃን ነይርዎ። ኣብ 1956 ሳም ኩክ 'ላቨብል' ብዝብል ኣርእስቲ ፋልመይቲ ደርፉ ኣሕተመ። ንጹል ደርፊ 'ላቨብል' ኣብ ሰማዕቲ ጸቡቕ ተቐባልነት ረኸበት። ሳም ኩክ ኣብ 1957፡ 'ዘ ጋይ ሚቸል ሾው' ብዝብል ስም ኣብ ዝፍለጥ ምርኢት ክሳተፍ ዕድል ረኸበ፡ ብመንገዲ'ቲ ምርኢት ድማ ዝና ኣትረፈ። ሳም ኩክ ኣብ 1961 ኣልበም ኣሕተመ። ካብታ ኣልበም ንጹል ደርፊ 'ቸይን ጋንግ' ኣብ በልቦርድ ካልኣይ ደረጃ ክትሕዝ ክኢላ። 'ብሪንግ ኦን ሆም ቱ ሚ፡ 'ኣናዘር ሳተርደይ ናይት'፡ 'ትዊስት ዘ ናይት ኣወይ' ገለ ካብተን ኣብ'ታ ኣልበም ዘለዋ ደርፍታት እየን።

ኣብ 1963 ዝዘርገሐት ኣልበም 'ናይት ቢት'፡ ሳም ኩክ ዓቢ ደራፋይ ከም ዝኾነ ዘመስከረት ስራሕ ነይራ። ኣብ 1964 'ኢዝ ዛት ጉድ ነውስ' ብዝብል ኣርእስቲ ዝተሓትመት ኣልበሙ'ውን ብሉጽነት ሳም ኩክ ዘረጋገጸት ምንባሩ ይዝከር። ሳም ኩክ፡ ኣቦ ቅዲ መዚቃ ፖፕ እናተባህለ'ዩ ዝጽዋዕ። ብምኡዝ ድምጹ ብዙሓት ሱ ጥባበኛታት ጸልዩ እዩ። ሳም ኩክ ካብ 1957 ክሳብ 1964፡ ብዙሓት ንጹላትን ሰለስተ ኣልበማትን ኣፍርዩ። 'ዎንደርፉል ዎርልድ' 'ትዊስቲንግ ዘ ናይት ኣለን' ገለ ካብተን ውሩያት ደርፍታት ሳም ኩክ'የን። ሳም ኩክ ንፈለማ እዋን፡ ትካል ምሕታምን ምዝርጋሕን ደርፍታት ዝወነነ ጸሊም ኣመሪካዊ ምዃኑ'ውን ይፍለጥ።

ንጹል ደርፊ 'ዎንደር ፋል ዎርልድ' ኣድማሳዊ ሓይሊ ሓዚኑ ካብ ዝቐረበ ደርፍታት ሳም ኩክ ሓንቲ'ያ። ኣብ'ታ ደርፊ ደራሲ ብዛዕባ'ቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝተማህሮ ስሩፍልጠት፡ ታሪኽ፡ ኣልጀብራን ካልእን ከምቲ ዝድለ ከም ዘይፈልጥ፡ ንግርባሩ ግን ከም ዘፍቅሩ - ጸቡቕ ገይሩ ከም ዝፈልጦ ይትንትን። እታ ደርፊ ኣብ 1985 'ዊትነስ' ኣብ ትብል ፊልም ድሕሪ ምቕራባ፡ ዓለም ዘዙረብ ተቐባልነት'ያ ረኺባ። ክሳብ ሎሚ ከኣ ዝናኣ ኣይጎደለን። ሳም ኩክ ተዓዊቱ ዓበይቲ ሽልማት ኩይኑ'ዩ። ዝበዝሑ ዓበይቲ ዓወታቱ ግን ድሕሪ ሞቱ እየም ተዓዚሮም። ኣብ 1986 ስም ኩክ ኣብ መዘክር 'ሮክ ኤንድ ሮል ሆል ኦፍ ፌይም' ሰፈረ። ኣብ 1999 ከኣ ኣብ ግራሚ ላይፍ ታይም ኣቺቨመንት ኣዋርድ መበል 16 ደረጃ ሓዘ። ኣብ 2008 'ውን ኣብ 'ግረይተስት ሲንገር ኦፍ ኦል ዘ ታይም' ራብዓይ ደረጃ ተሰርዐ። ኣብ ሰነ 2011፡ ከንቲባ ከተማ ቺካጎ 'ኢስት 36 ስትሪት' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ጉደና ንኽብሪ ሳም ኩክ ብኣኡ ክጽዋዕ ወሰነ።



ሳም ኩክ፡ ኣብ 1959 ምስ ባርባራ ቃልኪዳን ኣሰረ። ሰለስተ ቁልዑ ክልተ ኣዋልድን ሓደ ወዲን ከኣ ወለዱ። ብድሕሪ'ዚ ግን፡ እቶም ሰብ ዘዙረቡ ፍቕሪ ክሰማምዑ ኣይከኣሉን። ዘይሰማምዑም ጉዳያት ብዙሕ ምንባሩ ዝጥቀስ'ኳ እንተኾነ፡ ብንጹር ግን ኣይፍለጥን'ዩ። ኣብ 1963 ኩክ ኣብ መጎሻ እንከሎ - ቪንሰንት ወዶም ወዲ ዓመትን ሸድሽተ ወርሕን እንከሎ፡ ኣብ መሐንበሲ ናይታ ስድራቤት ጥሒሉ ሞተ። ሳም ኩክ ብሞት ወዱ መሪር ሓዘ። ብሰንኪ ሽለልትነት በዓልቲ ቤቱ ባርባራ ወዱ ከም ዝሰኣነ ደምደመ እሞ፡ ምስ ባርባራ ተፈላለዩ። ድሕሪ ሞት ወዱ ድሕሪ ሓደ ዓመት - ማለት ብ11 ታሕሳስ 1964 ሳሚ ኩክ ብሓደጋ ካብ'ዛ ዓለም ተፈልዩ።

## ዕድለኛታት ዝበሃሉ ሰባት ከመይ ዝበሉ እዮም?

ጸቡቓን ሕማቓን ዕድል ኢጋጣሚ ደዩ ሱኣእምሮኣዊ? እዚ፡ ዕድለኛታት ሰባት ብኸመይ ኑቲ ጸቡቕ ዕድል ካብ ትጸበት ወጻኢ ክፈጥርዎ ከም ዝኽእሉ ከረድኣና ይኽእል። መጽናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ፡ ጸቡቓን ሕማቓን ዕድል ደቂሰብ ኣብ ናይ ጉዳእ ርእሶም ኣተሓሳስባን ባህርያትን ከም ዝምርኮሱ ይሕብሩ።



እቲ ምንታይሲ፡ ዕድለኛታት ሰባት ኩሉ ግዜ ትሰፍዋት፡ ህርኩታትን መካዚረን ክኾኑ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ ዘይዕድለኛታት ግን ህኩያት፡ ኣብ ህይወቶም ጭንቃትን ኣብ ከበቦም ንዘፍጥር ዕድላት ድማ ዝሕሰቡ እዮም። ስለ'ዚ ዕድል ዝበሃል፡ እቲ ንሕበሩ ከምዚ ኢያ ኢልና እንሓስቦ ምዃኑ'ዩ መጽናዕትታት ዝሕብር። ኣነ ዕድለኛ'የ ኢሉ ንዝሓስብ ሰብ፡ እቲ ጸቡቕ ዕድል ናብኡ ጉዑ'ዩ ዝኮዓዝ። ንሓበሱ ከም ዘይዕድለኛ ዝቖጽሮ ሰብ ግን፡ ዕድለኛ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ ደቂሰብ ወጻኢት ኣተሓሳስባኦም ስለ ዝኸዱ።

ኣብ ህይወት፡ ብዙሕ ዕንቅፋት ከም ዘሎ ርዱእ ነገር እዩ። እንተኾነ ዕድለኛታት ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ንውሽጦም ብምስማዕ ቅልጡፍ ውሳኔታት ይገብሩ። ኣብ ጉዳእ ርእሶም ብምትእምማን ስጉምቲ ናይ ምውሳድን ንሓደሽ ዕድላት ናይ ምቕላዕን ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ። ዕድለኛታት ሰባት፡ ቀጻሊ ዝምድናታት ንምዕባይ ምስ ሓደስቲ ሰባት ዝራኸቡሉ ኢጋጣሚ ይፈጥሩ እዮም። ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ፡ ሓደ ሰብ ኣዝዩ ተደላዪ ነገር ምስ ዝህልዎ ወይ ኣብ ኣዝዩ ተደላዪ ኩነታት ምስ ዝህሉ ዕድለኛ እዩ ክንብሎ ንኽእል።

ምስጢር ዕድለኛታት ሰባት እንታይ እዩ?

1. ዕድለኛታት ሰባት፡ ዕድላት ንምስትብሃልን ንምምዝማዝን ዝያዳ ክፉታት እዮም። ክፉት ኣተሓሳስባኦምን ንዕድላት ንቑሓት ምዃኖምን ማለት፡ ንሓደ ዕድል ምስ ረኣዩ ከለልይዎ ጥራይ ዘይኮነስ ንዕኡ ንምጥቃም ቅልጡፍ ስጉምቲ ክወስዱ ድርኣዩ።

2. ኣዝዮም ትሰፋዋት እዮም። እወታዊ ኣተሓሳስባ ስለ ዘውንኑ ከኣ ወጻኢታዊ ነገር ናይ ምፍራይ ዕድሎም ዝለዓለ እዩ።

3. ኣዝዮም ማስጥቲ ሰባት እዮም። ዕድለኛታት ሰባት፡ ጸቡቕ ገይሮም ዝተቓጸ ውሽጣዊ ድምጺ ኣለዎም። መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ውሽጦም ስምዒት እንታይ ዕድላት ከምጽኣሎም ምኻኑ ንምርድኡ ኣይሸገሮምን።

4. ተጻዋርነት ዘለዎም እዮም። እቲ ተሰፋ ዝህብ ኣተሓሳስባኦም፡ ክጸንዑን ኑቲ ሕማቕ ዕድሎም ናብ ጸቡቕ ዕድል ክቕይርዎን የኽእሎም።

## ብዛዕባ ግሉጽነት

እቲ ኣብ ህይወት - ምስ ሰባት ብጽቡቕ ከቀራርበናን ከረዳድኣናን ዝኽእል ጥበብ፡ ግሉጽነት ምስ እንምዕብል እዩ። ሓቀኛ ምስልና ኑቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓሳባት ምስ ሰባት ብግልጺ ክንዛራረበሉ ምኽኣል እዩ።

ምስ ካልኦት ብዛዕባ ጉዳእ - ርእሰኻ ኣብ እትዛረበሉ እዋን ንርእሰኻ ብልክዕ ትረኽቦ። ብዛዕባ ውሽጣዊ ኩነታትካ ብዙሕ ትርዳእን ትፈልጥን። ብኣኡ መጠን ከኣ ኑቲ ምስ ካልኦት ክትምስርቶ ትደልዮ ዘሎኻ ዝምድና፡ ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ክተብጽሖ ትኽእል። ኣእምሮኻ ከፊትካ ብግልጸኻ ቅንዕናን ኣብ እትዛረበሉ ህሞት፡ ካብቲ ሰብ እትሓተቶ እትፈርሖ ወይ እትጠራጠረሉ ክህሉ ኣይክእልን። ምኽንያቱ ብእምነት ኢኻ ትዛረብ ዘሎኻ። ግሉጽነት ምህላው ኣብ መንጎኻን ካልኦት ሰባትን ክህሉ ንዝኾኦ ውሽጣዊ ሌላን ኣፍልጦን የዕቢ። ኣብዮናይ ኣርእስቲ ከም እትሰማምዑን ዘይትሰማምዑን ብኣጋ ክብርሃልካ ከኣ ይኽእል።

ኩሉ ሰብ ኸፍቱ ምስጢር ኣለዎ። ገለ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝገበርናዮ ኣብር እሞ ሕጂ ክንዛረበሉ ዘሕፍረና፡ ንሓዋሩ ክንውንኖም ዘይንደሊ - ግን ከኣ ኣብ ሕሉፍ ህይወትና ዘጋጥሙና ስምዒታት፣ ከምዚኦም ምስ ዝሀሉው ኣብ መንጎትና ጸገም ከየምጽኡ ኣልና ዝንመትናዮን ካልእን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኑቲ ምስጢር ብኸፍኣት ዘይኩኑ ሃዳእካን ሓሲብካን ክትዛረበሉ ምፍታን - እቲ ዝበለጸ እዩ። ገለ ከይተዛረብናሉ ምሳና ዝተርፉ ክህሉ'ዉን ይኽእል እዩ። ግሉጽነት፡ ካብ ካልኣይካ ተቐባልነትን ተፈታውነትን እትረኽበሉ እኹል መንገዲ ኣይኮነን። እንተኾነ ኑቲ ምስ ካልኣይና እንምስርቶ ዝምድና፡ ዓሚቑን ድልዱሉን ክኸውን ካብ ዝገብሩ ረቛሒታት ሓደ እዩ።



ግሉጽነት ኣብ ህይወትና ዓቢ ተራ ኣለዎ ንብል እንተ ደኣ ኾይንና፡ ብኣኡ መጠን ከኣ ሓደገኛነት ከም ዘለዎ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ንመን ግልጺ ኴንካ ትዛረብ ብፍላይ ብዙሕ ምስትውዓል ይሓትት። እምነት ኣብ መንጎኻ ክህሉ እንተኾይኑ፡ ንውሓት ግዜ ሌላ ኣገዳሲ እዩ። ዋላ ንውሓት ናይ ግዜ'ውን ከም ሓደ ረቛሒ ደኣ'ምበር፡ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ቁኢታ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንዊሕ ግዜ ዝመስረትካዮ ርክብ ኣብ ሓጺር ግዜ ክፈርስ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ምእታው የድሊ። ስለ'ዚ ክንድ'ዚ ዝኣክል ግዜ'ዩ ዘድሊ ክበሃል ኣይከኣልን። እቲ ወሳኒ ነገር ቅንዕና'ዩ። እንተኾኑ ገለ ሰባት ኣዚኻ ክትጥንቀቐሎም ዘለካ ኣለው። ኑቲ ብቕንዕና ክትምስርቶ እትደሊ ዝምድና፡ ናብ ናይ ውልቀም ጥቕሚ ጥራይ ሓሲቦም ከታልሉኻ ስለ ዝኽእሉ፡ ኣብ እትምስርቶ ዝምድና ክትህወኽ የብልካን።

## ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ናይ ፈለማ ተምሳጥ ናይ መወዳእታ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ዝቕጽል እዩ።" - ስሩርካና ሰደቁ
- "ድሕሪ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዘሎ ንግሆ ኢና - ብዛዕባ ስነ መሬት (ጂኦሎጂ) ንመሃር።" - ራልፍ ዋልዶ ኤመርሰን።
- "እቲ ጥዕና ዘለዎ ተስፋ ኣለዎ። እቲ ተስፋ ዘለዎ ኩሉ ነገር ኣለዎ" - ቶማስ ካርላይል
- "ካብ ዝኾነ ሰብ ዋላ ሓንቲ እንተ ዘይተጸበኻ ተስፋ ኣይክትቆርጽን ኢኻ።" - ሰልቪያ ፕላት
- "ብዘይ ቑኢታ ባህታ - ኣብ ዝኾነ ነገር ክትበልጽ ምፍታን ዋጋ የብሉን።" - ማግኑስ ካርልሰን
- "ዓቢ ድሕሪ ቐትሪ መግለጺ-ሰማይ ኩይኑ እዩ ዝኸውን።" - ኤል ፋን
- "ወጥሪ ሓያል መንቀሳቐሲ ሓይሊ ደኣ'ምበር፡ ዕንቅፋት ክኸውን የብሉን።" - በል ፊሊፕስ
- "ፍቕሪ ምሃብ ንባዕሉ ትምህርቲ እዩ።" - ኤሌኖር ሩዝቨልት
- "ኣዝዩ ተፈታዊ ስለ ዝኾንኩ ዕድለኛ ሰብ እየ።" - ሞኒካ በሉቺ

# ወዘተረፈ

መም/ዮናስ ሃብተ

## ከም ብ'ዋዛ

ኣብ ሓደ ቤት-መግቢ ዘጋጠመ እዩ፡፡ ኣሳሳዪ ናብ'ቲ ዝምገብ ዝነበረ ሰብኣይ ቀሪቡ ኢሉ፡ "ጸዊዕኩዶ ነሩኒ!?" ሓተተ፡፡

ዓሚል - እናኣንጸርጸረ፡ "እወ፡ ጸዊዐካ! ማለትሲ ሃመማ በዚሓምኒ. . .ኖ! ኣነሲ - ክንድ'ዚኦም ዝኣኽሉ ብዙሓት ሃመማ እንታይ እየ ክገብሮም?"

ኣሳሳዪ፡ "ሕራይ ደሓን፡ ግን መጀመርታ እቶም ንሸኻ ትደልዮም ሃመማታትን ክንደይ ካብኦም ከም እትደልን ጥራሕ ንገረና'ሞ፡ ሽዑ እቶም ካልኦት ከነውጽኣልካ!!"

ሓንቲ ናብ'ቲ እንግዚኦ ዘሎና ቤት-መግቢ ዝኣተወት ካልእ ሰበይቲ ድማ፡ "ኣብ'ዚ ቤት-መግቢ ዘሎ መመግቢ ኣቑሑ መቸም - ምስ ማይን ሊልን'ዩ ምውዓሉ!"

ኣሳሳ'ዩ፡ "የቐንየልና! የቐንየልና! ብጽሬት ናይ'ዚ ገዛና ምሽ ተሓጊሰኪ ሓቀይ!"

"ዝዩኻስ እዚ ዝምገቦ ዘለኹ መግቢ እምበር ሳሙና ሳሙናን ሊሊ ሊልን ጥዒሙኒ፡፡"

ብዛዕባ ጽሬት ክለዓል እንከሎ መቸም፡ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ካልእ ነገራት፡ ንጽሬት መግቢ ዝያዳ ኩሉ ዝጽቀጠሉ ኮይኑ እስመዓኒ፡፡ ኩሉ ሰብ ድማ፡ እቲ ዝምገቦ ዘሎ መግቢ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ዋላ እቲ ዝምገበሉ ዘሎ ቦታ'ውን ኣዝዩ ጽሩይ ክኸውን እዩ ዝደሊ፡፡

እቲ ዘገርም ግን፡ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ካብ ጽሬት ናይ'ቲ መግቢ እትምገበሉ ከባቢን ሓሊፉ፡ "ኣብ ጽሬት ምንጪ ናይ'ቲ እትምገቦ ዘለኻ መግቢ ዝያዳ ክሕሰበሉ ይግባእ" እትብሉሉ ኣጋጣሚታት ኣይሰኣንን ይኾኑን እዩ፡፡

= = =


ኣብ ሓደ-ሓደ ቦታታት እንተ ኣቲኻ፡ ማይ ዘይጠዓመ ዘረባታት እንድዩ ዝጸንሓካ መቸም - ብቐዳማይሲ ኣብ ሓንቲ ዝበዝሑ ንሓድሕዶም ዘፋልጡ ሰባት ጥራይ ዝምገቡላ ባር፡ ሻሂ ክስቲ ኣለ እኣትወልኩዎ፡፡ ኣብ ሰምዒት ኣትየ ነታ ሻሂየይ ፊት እናበልኩዋ እንከለኹ፡ ሓደ ዳርጋ መንእሰይ ክውን ኢሉ ሰብ ኣትዩ ቁሊሕሊሕ ቁሊሕሊሕ እናበለ፡ ንኹላ'ታ ገዛ ብዓይኑ ከዛሪ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብታ ኣነ ዝነበርኩዋ ቦታ መጺኡ፡ ዋላ እዛ መዓልካ ናይ እዝዮገር እውን ዘይብላ - መንበሩ ስሒቡ ምሳይ ኮፍ በለ፡፡

ኣይጸንሐን እንቋዕ-እንቋዕ እናኣስተንፈሰ፡ ናብ ሓደ ኣብ ፊትና ዝነበረ ወዲ እናጠመተ፡ "ከበደም፡ ንመቐመጢ ፋታ

## ባኒ እንድዩ . . .

ጥራይ ካብ ዝጥቀምሉ ሰብት የድሕኖ?" ብምባል ክላኸፍ ጀመረ፡፡ ዝረብኡ መልሲ ዝሀቦ ሰብ ኣይረኸበን፡፡ መሊሱ ዳርጋ፡ "ኣይ ንግኻ እንደየ እንታይ ተሰቂጥ!" ብዘየትኑ ኣብ ዘለዎ ብኾፉ እንከሎ፡ ክሳዱ ናብ'ቲ ክላኸፎ ደልዩ ዝነበረ ወዲ ኣወጥዊጥ ኣበሉ፡፡

"ከበደም ንመቐመጢ ፋታ ጥራይ ካብ ዝጥቀምሉ ሰብት የድሕኖ እኳ ኢና ንብል ዘሎና?" ብምውሳኽ ከኣ ነታ ዘረባ ደጊሙ



መባእስቱ እቲ ወዲ ምኽንያቱ ኣሸረረ፡፡

ኣብ'ቲ ፈለማ'ኳ እቲ ዝደለዮ ሰብ ኣይመለሰሉን፡፡ ከም'ዛ ዘይሰምዖ ኣሰቂጥ ኣቢሉ ነይሩ፡፡ መመሊሱ፡ "ፋታ'ዶ፡ ባ'ዶ..." እናበለ ምልኻፉ ምስ ቀጸለ ግን፡ "ካብኡ ኣይትሕለፍ!" ግዲ ኢሉ ንሱ እውን፡ "ሓቅኻ ኢኻ! እንተኾነ ግን - ርእሶም ንዝኣሲ ጥራይ ዝጥቀምሉ ሰብት ከኣ ስለ ዘለዉ፡ ኣሸበሹብ መን ይፈልጥ ከበድኻ ፋታ መለእኻ ሓይልኻ ኣይልዳልካ ምጽናሕ ዝመስልዎ የለን!" ካብ ዝብል ሓሳብ እየም - እቶም ሰብት ከበደም ንፋታ ጥራይ ዝጥቀምሉ!!"

"ከበድስ'ኳ ንፋታ ተፈጢሩ ወደይ! ከም በዓል እኒ ንስኻ ዝኣመስሉ ዋላ ኣእምሮኦም ንመቐመጢ ባኒ ጥራይ ዝጥቀምሉ ገትፋት ሰብት ከኣ'ምበር ዝያዳ ኩሉ የገርሙኻ" ከም'ዚ ነታ ዘረባ ንዘጠኮሳ ሰብ ከረሰኖ ኢሉ እዩ ዝመስል ካልእ ሰብ'ውን ነቲ ዘረባ ተሓዊስዎ፡፡

ይዝከረኒ ነዊሕ ዳኣሉ ገይሩ እምበር፡ ብዝተመሳሰሊ ኣብ ከተማ ባርንቱ ኣብ ገበላ ናይ ሆተል ኮፍ ኢልና እናተመሳሕና እንከለና፡ ሓደ ጸቡቕ ገይሩ ዝፋለጣ ዝመስል ወዲ - ነታ ኣብ ኣፍ-ደገ ደው ኢላ የማን ጸጋም ሓለፍቲ መገዲ ተቋምት ዝሰርሕ ኣሰሳይት፡ "እዚ ከበድኺ መቸም ንመቐመጢ መገዲ ጥራይ ኢኺ ትጥቀምሉ?" ክብል ሰሚዐዮ፡፡ ኣብ'ቲ ግዜ እቲ በቲ ዘረባኡ ተገሪመስ ኣብ ዘጀክኦዎ ኣትዩ፡፡

"እዚ'ሽ እንታይ ማለቱ ደኣሉ ደቀይ? ከም'ዚ ንምባልዶ ደኣ ይኸውን!? ኖኖ ከም'ኡስ ኣይኮነን፡፡ ምናልባት ከምዝን ከምትን ንምባል ደኣ ይኸውን እምበር፡፡" እናበልኩ ኣብ ዘይምልከተኒ ኣትየ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ግዜ ዝተደጋገመ፡ "ከምዚዶ ይኸውን? ከምቲ. . .!?" ክብል ጸሪሐ፡፡ እቲ ወዲ ሻሂ ደዩ ማይ ሰትዩ ክወጽእ እንከሎ፡ ካልኣይ ከምኡ ምስ በለ'ሞ ግን - ንሳ ባዕላ "ግደፈና እንዶ ይትረፍ ምስጠር ናይ እንዳ ማትና፡ ምስጠርና ከየገን ምዕቋሩ ጨኒቑና ኣሎ፡፡" ኢላ መለሰትሉ፡፡ ግና፡ እቲ ቀድሚ ሽዑ ሰሚዐዮ ዘይፈልጥ ኣበሃህላ፡ "ምስጢረይ ኣውሪኻለይ፡ ምስጢረይ ዘርኢ ምድሪ ገይርካየ፡ ምስጢረይ ንንፋስ ሂብካዮ. . ." ንምባል ዝተጠቐመላ ኣበሃህላ ምንባሩ ተረዲኡ፡፡

ብዘይካ እዚታት እውን፡ ሓደ ግዜ "ናይ እኽሊ ርእሲ እኳ 99 ሚእታዊት ባኒ ዝመልኦ እዩ፡፡" ዝብል ዘረባ ሰሚዐ - ካን ኣርማም ወረሓኒ ምንባሩ እዝከር፡፡

እቲ ብኸምኡ ዝተሓመየ ሰብ እፈልጦ ስለ ዝነበርኩ፡ ሓደ ግዜ ምስ ረኸብኩዎ፡ "ኣእምሮ ደቂ-ሰባትስ ኣብ ደረጃ ሰራሕ ከበዲ ወሪዱ፡ ካን መቐመጢ ባኒ ጥራይ ዝኾነሉ ግዜ መጺኡ ደበዘል ኣሎ" በልኩዎ፡፡ ንሱ ድማ፡ ምንም ከይተሰከፈ፡ ከም'ዛ ኣቐድም ኣበሉ እንታይ ከም ዝበሎ ፈሊጡ ዝጸንሐ - እንታይ ከም ዝምልሰለይ እውን ተዳልዩ ዝጸንሐ ክመስል ቅልጥፍ ኢሉ፡ "ባኒ ጥራይ ደረኹብ እምበር፡ ሓንሳእ ጥራይ ዘይነኽሱ ዋላ ኩሉ ናውቲ ኣካላተይ ብባኒ ጽቕጽቕ እንተ ኣበልክዎ እንታይ ዘኽፍአ ኣሎዎ?" ኢሉኒ ነይሩ፡፡

ኣብ ወሓሉዖት ተሓጺሩ ክዝርፍን ኣብ ሓጺር ግዜ ክጠፍእን ደኣ ነዒልት እምበር፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ባኒ ትርከብ እንተኾይና፡ "ሰብ ክዕዘዚ እንድዩ! እከለኸ እንታይ ይሰምዖ ወደይ/ጓለይ!?" ዘይብሉ፡ ዓይንኻ ብጨው ሓጺብኩ፡ ናይ ሞትን ሕየትን ቆጸራ፡ ናይ ምህላውን ዘይምህላውን ስምምዕ፡ ናይ ምንባርን ዘይምንባርን ቃል ኪዳን፡ እምንት ኮን መብጽዓታትን ዝጥለመሉ ኣጋጣሚታት ይረአ ከምዝሎ ኣይሰሓትን፡፡ "ንምንታይ?" እንተበልካኸ - ስሙ ክፉእ ቁልቁል ዝኣፋ 'ንስለ ባኒ'፡፡

ናይ ቀደም ሰብት ንእኽሊ ከምዝም መጸዋዕ ብጥረኡ እናሓዋኹ ይጥቀምሉ ምንባርም እዩ ታሪኽ ዝዝረብ፡ ደሓን ይጽእዉ. ግብጻውያን 3000 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ መንጎ ከልተ ኣእማን ገይሮም እኽሊ ምጥሓን ካብ ዝጀመሩላ ዕለት ግን፡ ስሙ፡ ኣሰራርሓኡ ወይ ቅርጹ ደኣ ይፈላለ እምበር፡ እንሆ ምሉእ ህዝቢ ዓለም ባኒ ክጥቀም ጸሪሑን ይጥቀም ኣሎ'ኒ፡፡

ርግጸኛ'ኳ ኣይኮንኩን እንደዩ ከም ዝመስለኒ ግን - ባኒ ኣብ'ቲ ቀደም፡ "ሕብስቲ፡ እንጌራ ወይ ቅጫ" ዝብል ትርጉም ጥራይ እዩ ነይርዎ ዝኸውን ኢለ እየ ዝሓስብ፡፡ ትርጉም ባኒ ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ኣብ መዝገበ ቃላት እንተ ርኢናዮ ግን፡ "እንጀራ፡ ቅጫን ሕብስትን" ጥራይ ዘይኮነስ፡ "ገዘብ" ዝብል ትርጉም እውን ተወሲኹዎ ኣሎ፡፡ እዚ ናይ'ዚ ሕጂ እዋን፡ እንኮላይ "ገዘብ" ዝብል ትርጉም ዘለዎ ናይ ባኒ ትርጉም ድማ፡ "ሰባት ንባኒ ካብ ናይ ነዕለቱ፡ ሕብስቲ፡ ናይ ነዕለቱ እንጌራ፡ ናይ ነዕለቱ ቅጫ ሓሊፎም፡ እንኮላይ ከም ናይ ንብረቶም ሃብቲ ገይሮም ይጥምትዎን ይሓስብዎን ስለ ዘለው፡ ድሕሪ ዝመጸእ ተወሲኺ ትርጉም እዩ" ኢለ እሓስብ፡፡

በዚ ከም ሓደሽ ዝቀላቐል ዘሎ ኣረዳድኣ ናይ ባኒ እንተቐጺልና ድማ ባኒ - "እቲ እንጌራ፡ ሕብስቲ፡ ቅጫ" ዝብል ናይ ቀደም ትርጉሙ ተረሲዑ፡ እዚ "ገዘብ" ዝብል ዳሕረዋይ ትርጉሙ ጥራይ ሓዘ ከይተርፍ ዘፍርሕ ኣይኮነን፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነድኸ ኣይኮነን "ከበድኺ ንመግቢ ጥራይ ኢኺ ትጥቀምሉ፡ ርእስኻ ብባኒ ተዓጽዩ ኣሎ" ዝብል ዘረባታት ንሰምዕ ዘሎና፡፡

ሓደ ግዜ፡ ሓደ ምስ ጓሉ ይዛወር ምንባሩ ዝሕተውዓሎ እሞ፡ ነዊሕ ግዜ ብዘይ ገለ ቁም-ነገር ምስ ኣሕለፈ፡ "ኣታ እዝስ ዣ ጓለይ ጥራይ ብኸሊል እዩ ግዲ ብላሽ ጊዜኣ ከጥፍኣላ?" ኢሉ ሓሰበ፡ ነቲ መሓዛ ጓሉ ድማ - "ዣ ጓለይ ቅልጥፍ ኢልካ እንተደኣ ተመርዕኻያ፡ ኣነ ድማ ዝኣኽለካን ከፍብረካ ዝኽእልን ባኒ ክህበካ እየ" በሎ፡፡ እቲ ወዲ ከኣ፡ "እሞ ቅድም ዓይንት ናይ'ቲ ክትህበኒ ሓሲብካዮ ዘለኻ ባኒ ከም'ቲ ናይ ቀደም ባኒ ኣብራቶ ወይ ባኒ ሳማርኮ ደዩ ዋላስ ከም'ዚ ናይ ሎሚ ባኒ ሰፍት ኢዩ እሞ ንገረኒ፡ ኣነ ድማ ውሳኔይ ክሀበካ" ኢሉ መለሰሉ ይብልዎ፡፡

ኩላትና በብወገንና ከም እንዝክሮ፡ ኣብ'ቲ ባኒ ዝደለየ ተጓንላይ፡ ባኒ ዝደለየ ተጻዋራይ፡ ባኒ ዝደለየ ንኹሉ ከኣላይ፡ ባኒ ዝደለየ ኣዚሩ ሓሳብይ፡ ናይ ጽባሕ ጠማታይ ኣብ ዝነበረሉ ቀደም እዋን፡ ባኒ 'ማስቱድ!' እዩ ዝበሃል ነይሩ፡፡ እወ ቀደም ባኒ በቲ ክትዕጸፎን ክትጽመምን ዝድርኽ ናይ ትዕግስትን ምኽእኣልን ባህሪ ናይ ምድራኽ ባህሩ እዩ ዝፍለጥ ነይሩ፡፡ እቲ ምንታይሲ ባኒ ኣደብ ዝእኽ ክትመላለስ፡ ባኒ ዓቕሊ ገይርካ ክትሰርሕ፡ ባኒ "ሓወይ! ሓብተይ! ኣቦይ! ኣደይ!" እናተበሃሃልካ ከም ደረጃኻ ክትነብር ዝድርኽ፡ ሓያል ስሚዒትካ ናይ ምቁጽጻርን ገዛእ ርእሰኻ ናይ ምግዛእን ስምዒት ከለዓዕለልካ ይሕግዝ ስለዝነበረ፡፡

ስለዝኾነ ድማ፡ ብዝኾነ ምኽንያትን ኣጋጣሚን ንሱብ እንተ በዲልካ፡ ንሱብ ዓቕልን ትዕግስትን ዝፈታተን ነገር እንተፈጺምካ፡ "ብጌጋ እምበር፡ ከሕርቖካ ከብድኻ ኣለ ኣይተጋኽኩን፡፡" ብምባል ይቕሬታ ንምሕታት ትብዖት የዕጥቕ ነይሩ፡፡ ባኒ ኣብ'ቲ ቀደም፡ "ከበዲ ይጸሮ!" ኢልካ ነገራት ክትሰትር፡ ነገራት ክትጸመም ይደፋፍእ ነይሩ፡፡

ከም'ዚ ናይ ሎሚ፡ "ሕንኻ ፍደ፡ ኣርእየ! ክሶ ጠልጠል ኣብሎ!" ዘይኮነስ፡ "ደሓን ኣብ ከበድኻ ሓዞ፡ ተጸሚምካ ከኣሎ. . ." ስለ እትብሃል፡ "ንሽኻ'ውን ናብራይ ከይጎድለኒ፡ ደቀይ ከበበ፡ ስድራይ ገጽ ሰብ ከይርኣዩ፡ ስድራይ ዝጥወርም ከይሰእኑ፡ ኣብ ከበደይ ክጸሮ፡ ክጽመሞ፡ ክኽእሎ፡ ክሳዕ ይሓልፍ" ኣብ ዝብል መደምደምታ ክትበጽሕን፡ ብኡኡ ክትምራሕን ግዜ ኣይወሰደልካን ዝነበረ፡፡ መስ... ? ባኒ ማስቱድ ኣብ ዝነበረሉ ኣብ'ቲ ቀደም እዋን፡፡

ዘርግምን ዘደንቕን ምስ ባኒ ዝተተሓሓዘ ዓቕሊ፡ ዘርግምን ዘደንቕን ምስ ባኒ ዝተተሓሓዘ ምጽማም፡ ዘርግምን ዘደንቕን ምስ ባኒ ዝተተሓሓዘ ምጽዋር፡ ዘርግምን ዘደንቕን ምስ ባኒ ዝተተሓሓዘ "ዝወለደት ትውለድ! ዘጋጠመ የጋጥም!" ንዝብል ዓሻ ኣካይዳ ዘኾትእ ሕልናኣዊ ዓቕሚ፡፡

ባኒ ጠንቂ ጭኣሰ፡ ባኒ ጠንቂ ምክትሓድ፡ ባኒ ጠንቂ ጥልመት፡ ባኒ ጠንቂ ብዙሕ እኩይ ነገራት እናኾነ ይመጽእ ኣብ ዘለወሉ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ እቲ ንስለ ባኒ ኢለ ዝገብሮ ሓደ-ሓደ ማሰመሩ ዝሰሓተ ኣካይዳታት፡ ዝፍጸሞ ልክዕ ዘይኮነ ተግባራት ሕሰብ እንከለኹ፡ ንባኒ ብዓይኒ ትዕዝብቲ እየ ዝርእዮ ኣነ ብወገነይ፡፡ ንባኒ ብዓይኒ መሓጥይቲ ርእየ፡ ንዓኡ ጽልኡ ንሕልናይ ክዕብ የብሎ፡፡ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ'ዩ እማሰለ፡ ንሱ እቲ ባኒ'ውን ዣ ፈውሲ ሞት ደኣ ይኾኒ እምበር፡ ፈጺሙ ዘይጸግቦኒ፡፡ ብዙሕ ዘይተዓረረኽኒ፡፡ ከማይ ገይሩ ንባኒ ዝጥቀማሉ፡ ከማይ ገይሩ ኣብ ባኒ ጸግዕተኛ ዝኾነ ሰብ ዘዩለ ክንእሱ፡ ኣብ'ቲ ምድራብ ሕጥያት ደኣ'ምበር ኣብ'ቲ ምድራብ ኑብሲ ግን ዘይዋሳኣኒ፡፡ እኳ ደኣ እናሓደረ ጨው የፍርየኒ፡፡

ርግጸኛ እየ፡ ዋላ ባዕልኹም እውን ከም እተስተውዕልዎ ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ብዙሓት ዘይግበር ክገብሩ ዝረኣኹዎም ሰባት፡ ጥምት እንተ ኣቢልኩዎም ወይ ኣፍ ኣውጺእኩ "ኣታ! ኣቲ!" እንተ ኢልኩዎም፡ ንሳቶም'ውን ኣፍ ኣውጺኦም እዮም፡ "እዋእ! ባኒ እንድዩ!" ዝብሉኻ፡፡

እዚ ድማ ጌጋ ደኣ ይኸውን እምበር፡ ንባኒ ኢሉ ዘይገብር እንተ ገበርኩ፡ ንባኒ ኢሉ ዘይጥዕም እንተ ጠዓምኩ፡ ንባኒ ኢሉ ንዘይረሓቐ ርሑቕ ናብ ዘይቀረበ እንተ ቐረብኩ፡ ንባኒ ኢሉ ንዘይተሓዘ ፈጋሪ ንዘይተሓዘ እንተ ኣጸናዕኩ፡ ንባኒ ኢሉ ዘይዝከር ዘከረ ዘይርሳዕ እንተረሰዕኩ ምኽኑይ እዩ፡" ደብዛል ኣሎ ማለት'ዩ፡፡ ባኒ ዝጠንቑ ዘርግም እሞ ከኣ ዘይከፍ 'ባኣዊ' ኣተሓሳስባ፡፡



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መጎን ክሰሲት ወረ/ፍ ደሕደጋ ካሳ ፍቓዱ ዝኾኑት ወ/ሮ ለተብርሃን ግደይ ጉብረሃዋርያትን ተኸሳሲ ወረ/ፍ መርሀ ግርመ ዓንደማርያም፡ ወ/ሮ ደሕደጋ ካሳ ፍቓዱን 1.ወ/ሮ ኪዳን መርሀ ግርመ 2.ኣቶ ሕሩይ መርሀ ግርመን ዘሎ ሲቪላዊ ክርክር፡ ናይ ምቕሊት ውርሲ ቀሪብኩልክም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንሃ25/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.4 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መጎን ክሳሲ ኣቶ ጺጋይ ደበሳይ መብራህቱን ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ሰዩም መድሕን ፋደጋ 2.ወ/ሮ ትርሓስ ተኽልየስ ኖሮ ዘሎ ሰቪላዊ ክርክር፡ ናይ ግዛ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪብኩልክም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንሃ17/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.4 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መርከብ ተሰፋይ ኣሰፍሃ ምባል ተሪፋ፡ መርከዛ ተሰፋጊርግሽ ሳሚኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ።

የሳን በርኸት ተሰፋማርያም ምባል ተሪፋ፡ የሳን በርኸት ተኽለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ16/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቐረብ።

ኤልዳና ተኽለማርያም ሰለሙን ምባል ተሪፋ፡ ኤልዳና ተኽለብርሃን ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

የርዳኖስ ጉብረ፡ ተጸዋዒ ሳሙኤል ሃደለ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንሃ6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ብፍ/ሰብ ማሰል ወረ/ነ/ሄር ጺጋይ ፍስሓ (1.ወ/ሮ ተኽለ ጺጋይ 2.ኣቶ ሃይለ ጺጋይ) ብፍ/ሰብ/ዕዳ ወረ/ነ/ሄር ጺጋይ ፍስሓ 1.መብራት የማነ ጺጋይ 2.ኣልማዝ የማነ ጺጋይ 3.ፋኑስ የማነ ጺጋይ 4.ኣቶ መልኣከ ጺጋይ 5.ነፍ/ሰለሙን ጺጋይ (ኣብራሃም ጺጋይ) 6.ወረ/ፍ ተሰፋዝጊ ጺጋይ (ዳዊት ተሰፋዝጊ) 6.ነ/ሄር ጸሃይቱ ጺጋይ ፍስሓ (1.ትምኒት ተኸስተ 2.ሰዩም ዘርኣይ) ንናይ ፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪብኩልክም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንሃ4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ት/ዕ ሰንበቱ ገብረመስቀል ምባል ተሪፋ፡ ሚልዳና ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ17/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቐረብ።

ዐስማን ሳልሕ ዐስማን ከምኡ እውን ዐስማን መሓመድብርሃን ሳልሕ ምባል ተሪፋ፡ ዐስማን መሓመድብርሃን ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ6/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ።

ፍጹምብርሃን ጠዓመ ሰለሙን ምባል ተሪፋ፡ ፍጹም ጠዓመ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ17/10/23 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ሚ/ሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነት ክብርቲ ኣዴና ኣለም ሰለሙን ስለዝዓረፋ፡ ቀድሚ ብሞት ምፍላየን ኣብ ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ ቁ/መጠራቐሚ ሕሳብ 151070 ዝርከብ ብጽሒተን ገንዘብ ዝተኻታማት ብወህቦ ዝበደሩለም ይጽደቐለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሚ/ሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነት ክብርቲ ኣዴና ኣለም ሰለሙን ስለዝዓረፋ፡ ቀድሚ ብሞት ምፍላየን ብሂወት ከለዋ ኣብ ማይተመናይ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስፍሓቱ 281.85 መሬት ፍርቂ ብጽሒተን ንደቂ ሰወኣት ብለበዋ ዝበደሩለም ይጽደቐለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ከሳሲት ወ/ሮ ሄለን ተኽሉ ሃብቱ ተኸሳሲ ኣቶ መርሃዊ ሃብተየም ተሰፋማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንሃ28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ከሳሲት ኢትዮጵያ ህንጻ ጭፋ፡ ተኸሰስቲ ወ/ሮ ናጽነት ኣብርሃምን ፋና ተወልደን ምስ መዋርስቲን ኮይንን ዝሸጣልዮ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 3 ምም. 05 ብምዝዛዊ ዋንነት ኣብዩቲ ቁ.120632 መወከሲ ቁ.135860 ብመሰረት ውዕልና ስም ከመሓልልፋልዩ ኣላ ክሲ ስለዝቐረበት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንሃ14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ተኪኤ ገረሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳኒኤል ኣማኑኤል ገዙ፡ በዓልቲቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንሃ21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ንጉሰ ዓንደሚካኤል፡ ኣደይ ስላስ ሃብተጼን ጉብረ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ25/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ድባርዋ

ዩወሃንስ ኔጪ ትኳቦ ምባል ተሪፋ፡ ዩወሃንስ ነጋርኣብ ትኳቦ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሰላም ጉብረዝጊኣብሄር ማሕራይ ምባል ተሪፋ፡ ናዝሬት ጉብረዝጊኣብሄር ማሕራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ኮኾብ ሰዩም ንጉሱ፡ በዓል-ቤተይ ክፍሎም ግርማይ ኣድሓኖም ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓሉ ደማ ወረሰት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ13/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ቀሺ ደበሳይ ተሰፋዩናሱ ስም ኣደይ ኣምለሰት ወልደሚካኤል ጉብረማርያም ምባል ተሪፋ፡ ፋና ሃደለ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ12/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቐረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ፈርን ክፍላይ ጨዓይ ምባል ተሪፋ፡ ፈርን እንዳየ ጨዓይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ9/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

መም. ኣልማዝ ኣርኣያ ንጉሱ፡ በዓል-ቤተይ ብርሃ ኪዳ ደሕደን ስለዝተሰወኡ፡ 5 ደቁ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ጣና በዓሀ ብርሃ፡ ኣደይ ደመቀሽ ዝግታ ጉብረመድህን ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እንዳ ገርግሽ

ወ/ሮ ንጽሃ ጉብረሚካኤል፡ ኣብ ባንክ ዘሎ ገንዘብ ብስም በዓል ቤታ መዋቲ በየነ ተሰፋማርያም ሰንቂ ዝበረ ብስም ንጽሃ ጉብረሚካኤል ኣስገዶም ክኣወጀላ እናሓበርና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ28/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ንፋስ ን/ዞባ ዓረዛ

ወ/ሮ ልዋም ግርማይ ማሓሪ፡ በዓል ቤተይ 6 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ናይ ፍትሕ ሰድ ደወጸኒ ስዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ29/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሓጺና

ሳብሪን ኣብርሃም ሰለሙን፡ ኣቦይ ኣብርሃም ሰለሙን ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ16/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መዝባ ን/ዞባ ሰንዓፈ

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ሃደለ ባይሩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረክርስቶስ ተሰፋይ ገብረኣምላኽ፡ በዓልቲቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ንሃ14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቶለግምኛ

ወ/ሮ ቀደሽ ኣስገዶም ፍስሃጽዮን፡ በዓል-ቤተይ ብርሃ ገብረስላሴ ገብረሚካኤል ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ዘይኑብ ያሓ ዐስማን ምባል ተሪፋ፡ ዘይኑብ ያሕያ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሰንዳይ ከበደ እድሪስ ምባል ተሪፋ፡ ከበደ እድሪያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሃ4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።



### ምስጋና

ብሞት ኣዚና ፍቑሮ ክቡር ወላዲና ኣቶ ተኽላይ ንጉሰ (ታኽሰስታ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ዓድና ሃዘጋ ንኣሰ ዞባ በርኽ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምናን ብመራኸቢታት ሓዘንኩም ዝገለጽኩምልናን ካብ ልቢ እናኣመስገንና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንሕብር።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሳራ ተላ ምስ ኩሎም ደቆምን

ምሉኣት ስድራቤትን

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቲራቮሎ ከባቢ ዊና ፕሎት 97 ፓርሰል C1 ዚፕ ኮድ 1A744 ጎደና ክሳድ ቁ.ገዛ 47 ዝርከብ ብመለለዪ ንብረት ምም/ ASD00013459 ዝፍለጥ፡ ብቑጽሪ ንብረት 1BRASM004555/0 ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊት ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቐረብ።

ኣቶ ትእዛዙ ሃደለ ሚህደረ

ኣመልካቲ፡ ሰምሰም እምባየ ተሰፋይ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ኣባሻውል ዝርከብ ስፍሓት መሬት 165.ት/ሜ፡ ቀንዲ ክፍሊ 4 ምስ 1ተሓጋጋዚ ዘጠቓልል፡ ፕሎት 3 ፓርሰል ኤፍ ASP00019588 Asd 00018037 ዝኾነ ገዛ፡ ካብ ዓብደልቃድር ዓሊ መሓመድ ዝዓደግክዎ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111526 መወከሲ ቁጽሪ 124785 ብስም ሽያጢ ዝተመዝገበ ተራ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት/ጽ ነታዮ ዞባ ማእከል ይቐረብ።

ሰምሰም እምባየ

ብስም ወረስቲ ወ/ሮ ትብርህ ርእሶም ተወልደ +3 ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ ከባቢ ጎዳይፍ ፕሎት 64 ፓርሰል H ዚፕ ኮድ 1A713 ጎደና ብሕል 713-10 ቁ.ገዛ 36 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ምስክር ዋንነት መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM002436/1 ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፡ ናብ ስም ዓዳጊት ወ/ሮ ንግስቲ ኣረጋይ ኣጸባሃ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፍ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ትብርህ ርእሶም ተወልደ +3

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሙኒክ፡ ምስ ቶተንሃም ተሰማሚዓ

ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ፡ ንሃሪ ከይን ብ95 ሚልዮን ፓውንድ (ልዕሊ 100 ሚልዮን ዩሮ) ከተፈርሞ፡ ምስ ጋንታኡ ቶተንሃም ምስምማዓ ገሊጻ።

ሙኒክ፡ ነዚ ኣጥቃዓይ ንምውናን ካብ ዘለዋ ጥሙሕ፡ ካብ ምኽፋት መስርሕ ምዝውዋር ጀሚራ እያ ማዕጾ ቶተንሃም ክተኳሕኵሕ ተራእያ። ይኹን እምበር፡ ሰለስተ ግዜ ዘቕረበቶ ሕቶ፡ በቲ ንኽተእምኖ ወይ ንኽትረዳድኦ ኣዝዩ ከቢድን ኣሸጋርን ምዃኑ ዝነገሮ ኣቦመንበር ቶተንሃም ዳኒ ለቪ ተጸሊኡ ጸኒሑ። ትማሊ ዝወጸ ሓደሽ ዜና ግን፡ ሙኒክ፡ ነዚ በዓል ስልጣን ከምዘእመነቶን በቲ ዝተገልጸ ማጠን ገንዘብ ከተፈርሞ ቀጢልያ መብጽዓ ከምዝወሰደትን የረድእ።

በዚ ከኣ እቲ ጉዳይ ኣብ ኣድ ከይን (ክጸንሕ ወይ ክወጽእ ክብል) ጥራይ እዩ ተሪፉ ዘሎ። ኣብ'ዛ ከረምቲ ካብ ጋንታኡ ክወጽእ ምዃኑ ክገልጽ ምስ ምጽንሑ ግን፡ እቲ ጉዳይ ኣብ መፈጸምታኡ ከይበጽሐ ከምዘይተርፍ ይእመን።

እዚ እንግሊዛዊ ደሮ ብውልቁ ምስ ሙኒክ ከምዝተሰማምዐ ዝገልጽ ምንጪታት'ውን ዘለዋ ኮይኑ ናብ ጀርመን እንተማዕዚ ሰሙናዊ ኣስታት 400 ሽሕ ፓውንድ ክኽፈል ምዃኑ ይሕበር።

ብደገፍቲ ክለቡ ኣዝዩ ፍቱው ምዃኑ ዝገልጽ ከይን ከናውሖ መደብ ከምዘይብሉ ዝገልጽ ናይ ሓደ ዓመት ተረፍ ውዕል ኣለዎ። ቶተንሃም ከኣ ኣብ'ዛ ወቕቲ ውዕል ከየሐደሰት እንተደኣ ኣጻዊታቶ፡ ንዓመታ ብናጻ ክትከስሮ ስለእትግደድ፡ ኣብ'ዛ ክረምቲ ከሰብ ክትሸጦ እዩ ዘዋጽኣ። እዛ ጋንታ፡ ጸባሕ ሰንበት ናይ ሊግ ጸወታኣ ክትጀምር ምስ ምዃና ከኣ እዚ ሓዲሽ ምዕባለ ነዚ ተጻዋታይ ካብ ምስላፍ ዝዐንቅጽ ደዩ ኣይርከብን ዝተፈልጠ ነገር የለን። ኩሉን ኣዒንተ ካጊራታት ማዕከናት ዜና ድማ ናብ ጋዜጣዊ




መግለጺ ሓዳሽ ኣሰልጣኒ ኣንግ ፖስተኮግሉ ኣብሊን ኣለዋ። እዚ ዓውማ፡ ኣብ'ዚ ክካይድዎ ዝወርሑ ምሕዝነታዊ ግጥሚት፡ ከይን ምስኦም ክጸንሕ ደላዪ ምዃኑ ገሊጹ እዩ።

ብሉጽ ሃዳፊ ሹቶ ዝኾነ ከይን፡ ድሮ 30 ዓመት ደፊኑ ክሰኡ፡ ዛጊት ኣብ'ዛ ጋንታ ክጸዮ ዝለዓለ ኣመዘጋቢ ሹቶ ካብ ምዃን ሓሊፉ ዝኾነት ጸዋእ ዘይምልዓሉ፡ ኣብ ናይ ጸወታ ዘመኑ ጸለም ነጥቢ ምዃኑ፡ ናይ ቀረባ ወገናት ይገልጹ። በዚ ኸኣ ወላ'ኳ ብቓሉ ካብ'ዛ ጋንታ ክወጽእ ደልየ ኣይበለ፡ ብዙሓት ተንተንቲ ግን፡ ናብዚ ዋንጫ ንምዕታር ዝቃለሰ ክለብት ክሰጋገር ከምዝለዎ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ይገልጹ እዮም። በዚ ተገሊጹ ዘሎ ዜና ድማ፡ ኣብል ባየር ሙኒክ እንተደኣ ኾይኑ፡ ኣብ'ዛ ወቕቲ ካብ ምስ ቶተንሃም ኣብ ናይ እንግሊዝ ግጥሚት ጥራይ ምጻዋት፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክጻወት ክበቕዕ እዩ። ክጸዮ'ኡ ከኣ፡ ሙኒክ፡ ዋንጫ ናይ ምዕታር ልምዲ ዘለዋ፡ ብፍላይ ኑታ ትመልካ ጸዋእ ቡንደስሊጋ ንተኸታተልቲ 11 ዓመታት ዓቲራታ ምስ ምህላዋ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመቱ ቦኽሪ ዋንጫ ናይ ምልዓል ዘለዎ ተኽእሎ ዝሰፍሐ እዩ። ባየር፡ ድሕሪ ምውጻእ ለዋንዶውስኪ ቀዋማይ መስመራ ብምድኻሙ እያ፡ ነዚ ኣጥቃዓይ ንምውናን ከተማታት 'ሙኒክ - ለንደን' ክትመላለስ ዝተቐሰበት።

## "ሉካኩ፡ ጠሊሙና እዩ" ምክትል ፕረዚደንት ኢንተር

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኢንተር ሚላን ናይ ሕጂ ምክትል ፕረዚደንታ ዘሎ ጃቪር ዛኔቲ ሮመሉ ሉካኩ ንጋንታኡ ከምዝጠለማ ተዛሪቡ።

ሉካኩ፡ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ቸልሲ ብልቓሕ ናብ'ዛ ኢጣልያዊት ክለብ ምጽምባሩ ዝፍለጥ




ኮይኑ፡ ድሕሪ ምዝዛም እታ ወቕቲ ከኣ፡ ቀዋሚ ኣባል ክኸውን ትጽቢት ነይሩ። ይኹን እምበር፡ እዚ በልጂዩማዊ ዓርሞሽሽ ኣጥቃዓይ፡ ምስ'ዛ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ 2023 ዝበጽሐት ክለብ ዝለበሮ ርክብ ብምብታኹ፡ ናብ ጁቬንቱስ ክጸምበር ድልየት ከምዘለዎ ኣርኢዩ እዩ።

በዚ ድማ እዩ ኣዛ ጋንታ ኣብ 858 ግጥሚት ዝወከለ ዛኔቲ ከምዘይተሓጎሰ ክገልጽ ዝተሰምዐ። ንሱ፡ "ሉካኩ፡ ጠሊሙና እዩ። ኣዚና ተሰኪፍ ቀሪጽና ኢና። ከም ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ፡ ካብኡ ካልእ ዝተፈልየ ባህሪ ኢና ንጽበ ነይርና።" ኢሉ።

ዛኔቲ ኣብል እዛ ጋንታ ዝኾነ ማርቲዝዙ "ሉካኩ ደወል ምቕባል ኣብዩ" ድሕሪ ምባሉ እዩ ኣብ ልዕሊ እቲ ተጻዋታይ ዘለዎ ቅሬታ ዝገለጸ። ኣብ መስመር መጥቃዕቲ መላፍንቲ ሉካኩ ዝበረ ማርቲዝዙ "ሓቂ ንምዝራብ ተቐጢዐ እየ። ኣብዘን ናይ ዕግርግር መዓልታት ደዊለሉ ነይረ፡ ልክዕ ከም'ቲ ንኻልኦት ኣባላትና ዝገበርናዮ ኣይተቐበለናን። ንዊሒ ዓመታት ብሓባር ተጻዊትና ክንስና፡ ከም'ዚ ምግባሩ ዘቑጥዕ እዩ። እንተኾነ፡ ምርጫኡ እዩ፣ ጸቡቕ ክኣ እየ ዝምነየሉ። ከም'ዚ ክገብር ግን ኣይተጸበናዮን።" ክብል ዝሓለፈ መዓልታት ተዛሪቡ ነይሩ እዩ።

ምስ ኢንተር ዘለዎ ዝምድና በቲኹ ዘሎ ሉካኩ፡ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ዘይርጉእ ግዜ ከምዘሎ ዝገልጽ ኮይኑ፡ ወናኒቱ ክለብ ቸልሲ ከኣ ክወጽእ ከምእትደሊ ይሕበር። እንተ እቲ ናብ ጁቬ ክሰጋገር ድሌት ከምዘለዎን እታ ጋንታ'ውን ክትውንኖ ኑቒ ከምዘለዋን ዝገልጽ ወረታት ግን፡ ብደገፍቲ እታ ክለብ ተቐባልነት ስኢኑ ይርከብ።

እዞም ደገፍቲ "ሉካኩ፡ ኣብ ሚላን ጸናሕ፣ ንሕና ድሮ ካልኣይ ሓላዊ ልዩት ሒዝና ኢና።" ዝብል ባነር ሒዞም ብምብፃሕው እዮም፡ ኣብ ኣፍደገ ሜዳ ኣሊያንስ ኣሬና ብምኻን ነዚ ዘይተበሃለ መስርሕ ክቃወሙ ተሰሚዖም። ከም'ዚ ክብሉ ዝተቐሰቡ ከኣ፡ ኑታ ኢንተር ኣንጻር ማን ሲቲ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ተጸሚዳ እንከላ፡ ተጻዋታይ ኢንተር ዲማርኮ ዝዘረማን ናብ ልዩት (ሹቶ ናይ ምዃን ዕድል ነይሩዋ ክኸውን ይኽእል እዩ) ተምርሕ ዝበረትን ኩዕሶ ሉካኩ ብዘይፍላጥ ዝኸልከለ ብምዝካር እዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ዕለላት ጉጅለ ደገፍቲ፡ ብቐደሚ ትማሊ፡ ጸወታ ቀዳመይቲ ጋንታ ጁቬ ኣንጻር ካልኣይቲ ጋንታ ምስ ተወድአ፡ ንምእካል ሜዳ ብምእታው "ንሉካኩ ከይተፈርምዎ" እናበሉ ክጭድሩ ተሰሚዖም እዮም። በዚ ኸኣ ጁቬ፡ ደገፍታ ዘይተቐበልዎ ተጻዋታይ ከተፈርም ዘለዋ ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ - ብዙሓት፡ ምስ ቸልሲ ኣብ ጉዳይ ዋጋኡ ክትሰማማዕ ዘለዋ ተኽእሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ወጣሪ ግዜ ዘሎ ወዲ 30 ዓመት ሉካኩ፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ መሰማመዲ ሜዳ ቸልሲ ከምዝዘረእዩ ተገሊጹ። ይኹን እምበር፡ ምስ ደቂ ጋንታኡ ዘይኮነስ ብናይ ኣካላዊ ብቕዓት ኣሰልጣኒ ተሰንዩ ብውልቁ ልምምድ ምግባሩ እዩ ዝእመን።

## ነገረ ሮናልዶ

ፖርቱጋላዊ ድንቂ ተጻዋታይ ክለብ ኣል-ነስር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ረቡዕ ምሸት ናብ ፍጻመ ጸወታ 'ዋንጫ ዓረብ' ዘሕለፈቶም እኽሊ ሹቶ ብምቑጻሩ "እቲ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ኣብ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ ግጥሚት እዚ ውድድር ሹቶ ዘመዝገበ" ተባሂሉ ክብረ-ወሰን ሰይሩ።

ኣል-ነስር፡ ኣብ'ታ ምሸት ኣንጻር ኣል-ሾርታ ምስ ዝተባህለት ናይ ዒራቕ ጋንታ እያ ተጋጢማ። ክሳብ 75 ደቒቕ ብዘይሹቶ ድሕሪ ምጉዓዙ ከኣ፡ ሮናልዶ ንዝተረኸበት ፍጹም ቅላዕ ተጠቒሙ እዩ ንጋንታኡ ናብ ፍጻመ እቲ



ውድድር ኣሕሊፉዋ ናይ ገዛእ ርእሱ ክብረ-ወሰን ኣጽሒፉ። እታ ፍጹም ቅላዕ፡ ሓዳሽ ኣባል እዛ ጋንታ ሴኔጋላዊ ሳድዮ ማነ ኣብ ሳጹን ቅላዕ መቐጸዕቲ ብምውዳቑ እያ ተረኺባ።

በዚ ኸኣ ኣል-ነስር፡ ዝመጽእ 12 ነሓሰ ኣንጻር ኣል-ሂላል ኣብ ፍጻመ ጸወታ ክትራኸብ እያ። ኣል-ሂላል፡ ዝሓለፈ ዓመት ድሕሪ ዕውትቲ ሊግ ሰዑዲ ዓረብ ኣል-ኢትሓድን ካልኣይቲ ዝወጸት ኣል-ነስርን ምውዳእ ይዝከር። እዛ ጋንታ፡ ኣብ'ዚ ክለብት ሰዑዲያ ተጻወትቲ ኤውሮጳ ንምፍራም ሻማ ሻማ ዝበለሉ ዘለዋ እዋን፡ ንሩብን ነሸስ ካብ ጋንታኦም ኣደኒቑ፡ "ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ተጻወትቲ ዓለም እዩ። ኣብ ጉድኑ ኴንካ ክትጻወት ፍሹስ እዩ ዝብለኒ፣ ምኽንያቱ፡ ንሱ እዩ ከምኡ ከምዝኾውን ዝገብር።" ኢሉ - ካብ ባየር ሙኒክ ድሕሪ ምስግጋሩ ኣብ ጎድኒ'ዚ ፖርቱጋላዊ ብምዃን ክልተ ግጥሚት ዝተጻወተ ማኔ። ብዘይካ'ዚ፡ ማኔ ኣብ ሊቨርፑል ደቂ ጋንታኡ ዝነበሩ እሞ፡ ኣብ'ዚ እዋን ምስ ኣል ኣህሊን ኣል ኢትሓድን ዘለዉ ብራዚላውያን - ፊርሚኖን ፋቢንዮን፡ ናብኦም ክጸምበር እኳ እንተሓተትዎ፡ ንሱ ግን ንኣል-ነስር ምምራጹ የረድእ።

ምልባሱ ኩሊባሊ - ቸልሲ፡ ሰርጅ ሚሊንኮቪች-ሳቪች ካብ ላዚዮ፡ ማልኮም - ካብ ዜኒት ኣፈሪማ ትርከብ።

ዋንጫ ክለባት ዓረብ፡ ካብ 1981 ጀሚሩ ዓመታዊ ዝካየድ ዘሎ ኮይኑ፡ እተን ኣብ ኤሽያን ኣፍሪቃን ዝርከብ ሓለምት ክለባት ሃገራት ዓረብ እየን ዝሳተፋኦ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሳዲዮ ማኔ ድሕሪ'ቲ ናብ ፍጻመ ጸወታ ምሕላፎም፡ ጸልዋ ሮናልዶ ኣብ

## ፕሪመር ሊግ፡ 2023-24...

### ማን ሲቲ፡ ንራብዓይ ተኸታታሊ ግዜ ሻምፕዮን ትኸውንዶ?

ግጥሚት ፕሪመር ሊግ ዓመተ-ስፖርት 2023-24፡ ሎሚ ምሸት፡ ብጸወታ በርንለይ ኣንጻር ማን ሲቲ ክፍለም እዩ።

ኣብ'ዛ ምሸት ኣብ ሜዳኣ እትጻወት በርንለይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ክለባት እንግሊዝ ብምዃና እያ፡ ናብ'ዚ ላዕለዋይ ሊግ ሰጊራ ዘላ። ማን ሲቲ ከኣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ጋንታታት ፕሪመር ሊግ እያ - ብሓፈሻ ከኣ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ዕውትቲ ሻምፕዮን እያ።

እዘን ሻምፕዮን ዝተፈላለዩ ዲቪዥን ዝኾና ጋንታታት፡ ዝተፈላለየ ደረጃ/ዓቕሚ ከምዘለወን ዘማትእ ኣይኮነን። ይኹን እምበር፡ ንኽልተአን ዘራኽበን ሓደ ውልቀ ሰብ ኣሎ - ቪንሰንት ካምፓኒ። ካምፓኒ ን11 ዓመታት ንማን ሲቲ




ዝተጻወተላ ኮይኑ፡ ንሸሞንተ ዓመታት ከኣ ሓለቓ ጋንታኣ ኮይኑ ኣገልጊልዋ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን ድማ፡ ኣሰልጣኒ በርንለይ ምህላዉ ይፍለጥ። በርንለይ፡ ኣብ 2021-22 ካብ ፕሪመር ሊግ ድሕሪ ምግላፋ፡ ነዚ በልጂዩማዊ ናይ ቅድም ተኸላኻሊ ክትቈጽሮ እንከላ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሻምፕዮን ብምዃና፡ ደጊማ ናብ'ቲ ሊግ ክትምለስ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ እዩ። በዚ ኸኣ ካምፓኒ፡ ኣብ ፋልማይ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኡ፡ ኣንጻር ናይ ቅድም ክለቡ፣ ገለ ደቂ ጋንታኡ ዝነበሩ፣ ኣሰልጣኒኡን ደገፍታን ክገጥም እዩ።

ናብ'ዚ ሊግ ምስ እንምለስ፡ ኣብ 1992 ስሙ ካብ 'ከዕሶ እግሪ እንግሊዝ' ናብ 'ፕሪመር ሊግ' ዝቐየረ እዚ ውድድር፡ ሎሚ ዓመት ብስም ፕሪመር ሊግ ንመበል 32 ግዜኡ እዩ ክካየድ። ብሓፈሻ ከኣ፡ ንመበል 125 ግዜኡ ክሳላሰል እዩ - እዚ ኣብ 1888-89 ንፈለማ ግዜ (ብሸኽ ቀዳማይን ካልኣይን ኩናት ዓለም ደው ኢሉ ነይሩ እዩ) ዝጀመረ ዓርሞሽሽ መድረኽ ውድድር።

ኣብ ፕሪመር ሊግ 2023-24፡ በርንለይ፡ ሸፊልድ ዩናይትድን ሉውቶን ታውንን ኑተን ናብ ታሕተዋይ ሊግ ዝወረዳ - ሌስተር ሲቲ፡ ሊደስ ዩናይትድን ሳውዝሃምፕተንን ተኪአን ደዩበን ዘለዋ እየን። እዘን ሓደስቲ ክለባት፡ ብቐደም ተኸተል ድሕሪ ናይ ሓዪ፡ ክልተን 31 ዓመታት ብኹራት እየን፡ ደጊመን ናብ'ዚ ሊግ ዝምለሳ ዘለዋ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ድሮ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ዝተፈላለየ ግምታት ይወሃብ ኣሎ። ዝበዝሐ ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ ብምሃብ ዝፍለጣ መርበባት ሓበሬታ ከኣ፡ ማን ሲቲ ክትዕወት ዮሚቲን ኣለዋ - ንራብዓይ ተኸታታሊ ግዜኣ። ብመሰረት'ዚ ተዋሂቡ ዘሎ ግምት ከኣ ሲቲ ነዚ ውድድር እንተደኣ ተዓዊታትሉ፡ ኣብ'ዚ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ዕድመ ዘለዎ ውድድር "ንኣርባዕተ ተኸታተልቲ ዓመታት ሻምፕዮን ዝኾነት ናይ ፈለማ ክለብ" ተባሂላ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ታሪኽ ክትሰንድ እያ። ጓርድዮላ እውን ተመኳኒሉ ክብሪ ክሕዝ እዩ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዘመን፡ ሁደርስፊልድ፡ ኣርሰናል፡ ሊቨርፑል፡ ከምኡ'ውን ማን ዩናይትድ (ክልተ ግዜ)፡ ቅድሚ ሲቲ ኣከታቲለን ሰለስተ ግዜ ጸዋእ እዚ ሊግ ኣልዒለን ነይረን እየን። እንተኾነ፡ ሲቲ፡ ኣብ'ዛ ሓዳሽ ወቕቲ እቲ ዝኸበደ ብድሆ ክገጥማ ምዃኑ'ውን ተኣሚኒ ኣሎ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ እዘን ምንጪታት፡ ኣርሰናል፡ ሊቨርፑልን ማን ዩናይትድን ክሳብ ራብዓይ ክሰርዓ ምዃነን ብምእማት፡ ንኡታ ሻምፕዮንስ ሊግ ክሳተፋ ሓዚኣናለን ኣለዋ። ሉቶን ታውን ሸፊልድ ዩናይትድን በርንማውዝን ከኣ፡ ናብ ታሕተዋይ ሊግ ክወርዳ እየን - ብመሰረት'ቲ ተዋሂቡ ዘሎ ግምት።

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

ከዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዋንጫ ማእከል

ኩባንያ ሰገን - ጉዳይፍ 12፡00 ድ.ቀ

ገጀረት - በረኽ 2፡00 ድ.ቀ

ደንደን - ሰማባል 4፡00 ድ.ቀ

ፕሪመር ሊግ

በርንለይ - ማን ሲቲ 10፡00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኤኳዶር - ንፕረዚደንትነት ዝወዳደር ፖለቲከኛ ተቐንጺሉ

ኣብ ኤኳዶር፡ ሕጹይ ፕረዚደንት ምዃኑ ዝተገልጸ ፈርናንዶ ቪላቪቾንሲዮ ዝተባህለ ፖለቲከኛ፡ ኣብ ልዕሊኡ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ፈኲሱ ብረት ከም ዝተቐትለ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ኣቃለሐ።

እቲ ወዲ 59 ዓመት ፖለቲከኛ፡ ኣብታ ርእሰከተማ ኤኳዶር ዝኾነት ኪቶ ድሕሪ ዘቖዶ ናይ ምርጫ ኣኼባ እዩ እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊኡ ተፈጺሙ።

በዚ ድማ ኣብታ ሃገር ን60 መዓልታት ዝጸንሕ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ተኣዊጁ ከም ዝነበረ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኤኳዶር ጊለርሞ ላሶ ዝሓለፈ ረቡዕ ብትዊተር ኣብ ዘሕለፎ መግለጺ፡ ቅትለት ቪላቪቾንሲዮ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ ነቲ ገበን ዝፈጸመ ኣካል ክቕጻዕ ምዃኑ ቃል ኣትዩ።

ፕረዚደንት ላሶ ወሲኹ፡ ኣብታ ሃገር ዝተወደበ ገበናት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዛየደ ይኸይድ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ነቲ ተርእዮታት ንምግታእ ሕጋጋት እታ ሃገር ክጸንዑ ከም ዘለዎም ኣዘኻኺሩ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ፕረዚደንት ህጹጽ ኣኼባ ላዕለዎት ሓለፍቲ ጸጥታ ክካየድ ምዃኑ'ውን ገሊጹ ኣሎ።

'ኤል ዩኒቨርሶ' ዝተባህለት ጋዜጣ እታ ሃገር ብወገና ኣብ ዘእቶቶ ሓበሬታ፡ እቲ ሕጹይ ፕረዚደንት ብዝተተኮሱ ጠያይት ኣብ ርእሱ ከም ዝተሃርመ ብምሕባር፡ እቲ ገበን ብሰለስተ ተፈጺሙ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሚታ።



እንተኾነ፡ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባሪ ሕጊ ኤኳዶር ድሒሩ ኣብ ዘሕለፎ መግለጺ፡ ብቕትለት ቪላቪቾንሲዮ ዝተጠርጠረ ሰብ ንምሓዝ ኣብ ዝተገብረ ብተኸሲ ዝተሰንዐ ፈተነ እቲ ጥርጡር ብዝገጠሞ መጉዳእቲ ከም ዝሞተ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ሓደ ሕጹይ ሓጋዚ ኣካልን ክልተ ኣባላት ፖሊስን ዝርከብዎም ካልኦት ትሽዓተ ሰባት ከም ዝቖሰሉ ጸብጻባት ሓቢሮም።

ቪላቪቾንሲዮ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ዝቕጽል 20 ነሓሰ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ምርጫ ንፕረዚደንትነት ክወዳደሩ ዝተመዝገቡ ሸሞንተ ሕጹያት ኮይኑ፡ ዚያዳ ብቲ ኣንጻር ብልሽውናን ዝተወደበ ገበንን ዘቕርቦ ነቐፌታታት ፍሉጥ ምንባሩ ይንገረሉ።

## ኣመሪካ - ብሓደጋ ባርዕ ሓያሎ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደሴት ማውይ ናይ ክፍለ-ሃገር ሃዋይ ተኸሲቱ ብዘሎ ባርዕ ጫካ፡ ብውሕዱ 36 ሰባት ከም ዝሞቱ ሰበስልጣን እታ ሃገር ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ብብርቱዕ ህቦብላ ዝተሰነየ ባርዕ ኣማኢት ህንጻታት ከም ዝዓነወ ተገሊጹ።

በዚ ድማ ኣብታ ደሴታዊት ክፍለ-ሃገር ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ መንበሪ ኣባይቶም ኩሓድጉ ተገዲዶም ከም ዘለዉ፡ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ከም ዝተኣወጀን እቶም ሰበስልጣን ወሲኾም ኣመልኪቶም።

ሰፊሕ ንጥፈታት ህይወት ኣድሕንን ምድሓይን ይካየድ ከም ዘሎ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ደጊም ዝጠፍኡ ሰባት ከም ዘለዉ ብምሕባር፡ ቀጽሪ ምውታት ክውስኽ ከም ዝኽእል ኣሚቶም።



## ሮማንያ፡ ውዕል ሸመተ መራኽብ ኩናት ሰሪዛ

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሮማንያ፡ ካብ ሓደ 'ናቫል ግሩፕ' ዝተባህለ ናይ ፈረንሳ ኩባንያ ኣርባዕተ መራኽብ ውግእ ንምሻማት ዝጸንሖን ንዊሕ እዋን ዝተደናገየን ናይ 1.2 ቢልዮን ዩሮ ውዕል ከም ዝሰረዘ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ነዚ ዝፍለጦ፡ ምስቲ ኩባንያ 'ናቫል ግሩፕ' ምስ ሮማንያዊ ኩባንያ 'ሻንቲኑል ናቫል ኮንስታንታ' ብምትሕብባር፡ ኣብ 2019 ንሮማንያ ኣርባዕተ 'ጎዊንድ' ዝዓይነተን መራኽብ ኩባንያን መሻርኽቱን ውዕል ንምኽታም ኣብ ዝተወሰኑ ግዜ ክርክቡ ብዘይምኽኣሎም እዩ።



ኩናት ንምስናዕን ክልተ ካልኦት መራኽብ ኩናት ድማ ንምጽጋንን እዩ ውዕል ኣትዩ ነይሩ።

ድሒሩ ግን፡ ኣብ መንጎ እተን ኩባንያታት ብዝተፈጥረ ንወሰኽ ወጻኢታት ዝምልከት ዘይምርድዳእ፡ እቲ ስምምዕ ተግባራዊ ካብ ምዃን ተደናጊዩ ምጽንሑ ይሕበር።

እታ ካብ 2004 ጀሚራ ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾነት ሮማንያ፡ ሓይሊ ባሕራ ዝለዎ ደረጃ ምዕባለ ካብቲ ሓይሊ ምድርን ኣየርን ዝውሕድ ዘመናዊ መሳለጥያታት ኣዝዩ ዝተሓተ ምዃኑ ይግለጽ።

ምስ ዩክሬን 650 ኪ.ሜ ዝንውሓቱ ዶብ ዘለዋ ሮማንያ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዛ ኣብ ግዝኣታ ብፈረንሳ ዝምራሕ ቀዋሚ ሰራዊት ኔቶ ኣዐስኪራ ከም እትርከብ ይሕበር።

## መራሒ ሰሜን ኮርያ፡ ንኩናት ምድላዋት ክግበር ጸዊዑ

መ ራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ዮንግ ኡን ኣብ ሃገሩ ዘሎ መጠን ምምዕባል ኣጽዋር ክውሰኽ፡ ወተሃደራዊ ልምምድ ክሰፍሕን ምድላዋት ንኩናት ክግበርን ጸዊዒት ኣቕሪቡ።

ኪም ነዚ ጸዊዒት'ዚ ዘቕረበ፡ ሰሜን ኮርያ ካብ ጸላእታ ክመጽኣ ንዝኽእል መጥቃዕቲታት ንምግታእ ክትግበሩ ዘለዎም ውጥናት ንምዝታይ፡ ምስ ማእከላይ ወተሃደራዊ ኮሚሽን እታ ሃገር ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ እዩ።

ቀንዲ ኣጀንዳ ናይቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ መንጎ ኪምን ማእከላይ ወተሃደራዊ ኮሚሽንን ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ወተሃደራዊ ድልውነት ንኩናት ምርግጋጽን ሓያል ናይ መጥቃዕቲ ኣጸቢብ ምውሓስን ዝብል ምንባሩ፡ መንግስታዊ ኣገልግሎት ዜና 'ኬይ.ሲ.ኤን.ኤ' ገሊጹ።



ኣብቲ ኣኼባ ኩለን ኢንዱስትሪታት ኣጽዋር እታ ሃገር ዝተፈላለዩ ኣጽዋርን ካልኦት ናይ ኩናት መሳርሒታትን ንምፍራይ ንቕድሚት ክደፍኣ መራሒ እታ ሃገር ከም ዘዘኻኸረ ተሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኪም ኣብ ኢንዱስትሪታት ኣጽዋር ሃገሩ ኣብ ዘቖዶ ዑደት፡ ተወሰኽቲ ሚሳይላት፡ መዳፍዕን ካልእ ኣጽዋርን ክምዕበል ምእዛዙ ይዝከር።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ኣኼባ ንሸውዓተ ኣዋርሕ ላዕለዋይ ጀነራል ሰሜን ኮርያ ኮይኑ ዘገልገለ ፓክ ሱ ኢል'ውን ካብ ስልጣኑ ከም ዝተባረረ፡ ኣገልግሎት ዜና 'ኬይ.ሲ.ኤን.ኤ' ኣመልኪቱ።

እንተኾነ፡ እቲ ኣገልግሎት ዜና፡ ጀነራል ፓክ በቲ ኣቐዲሙ ሚኒስተር ምክልኻል እታ ሃገር ዝነበረ ጀነራል ሪ ዮንግ ጊል ከም እተተክአ ካብ ምሕባር ሓሊፉ፡ ጠንቂ ካብ ስልጣን ምብራር እቲ ጀነራል ኣመልኪቱ ዝሃቦ ዝርዝራዊ ሓበሬታ የለን።

## ሃገራዊ ባይቶ ፓኪስታን ፈሪሱ

ፕረዚደንት ፓኪስታን ኣሪፍ ኣልቪ፡ ንምፍራስ ሃገራዊ ባይቶ ኣመልኪቱ ብቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ሸህባዝ ሸሪፍ ዝቐረበሉ ምኽሪ ከም ዝጸደቐ፡ ቤት-ጽሕፈት እቲ ፕረዚደንት ኣብ ዘሕለፎ መግለጺ ሓቢሩ።

"ብመሰረት ዓንቀጽ 58-1 ሕገመንግስቲ እታ ሃገር፡ ፕረዚደንት ኣሪፍ ኣልቪ ብምኽሪ ቀዳማይ ሚኒስተር መሰረት ንሃገራዊ ባይቶ ኣፍሪሰዎ ኣሎ" ክብል፡ እቲ ካብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝወጸ መግለጺ ኣመልኪቱ።

እቲ ምኽሪ ቅድሚ ሰለስተ መዓልታት ናይቲ ኣብ 12 ነሓሰ ክበቅዕ ምዃኑ ዝተገልጸ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ዕድመ ዘለዎ ባይቶ'ታ ሃገር ዝቐረበ ኮይኑ፡ ድሕሪ 90 መዓልታት ሓድሽ ምርጫ ንምክያድ ብቀዳማይ ሚኒስተር ሸሪፍን መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊን ግዚያዊ ምምሕዳር ክምረጽ ምዃኑ ኣብ ዝገለጹሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ምፍራስ እቲ ንፈደራል መንግስቲ ዝመርጽ ሃገራዊ ባይቶ፡ ብቀዳማይ ሚኒስተር ሸሪፍ ዝምራሕ ማእከላይ መንግስቲ ስልጣኑ ክሓድግ ዝኹብር ምዃኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ድሕሪ ምብቃዕ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ድማ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ምስ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ብምዝርራብ፡ ክሳብ'ቲ ዝቕጽል ሓፈሻዊ ምርጫ ሓለፍትነት ዝወስድ ግዚያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ክመዝዝ እዩ።

ዝሓለፈ ረቡዕ ቀዳማይ ሚኒስተር ሸሪፍ ኣብቲ ባይቶ ኣብ ዘካየዶ ናይ ስንብታ መደረ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ብጉዳይ ምምዛዝ ግዚያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣመልኪቱ ምስ ፕረዚደንት እታ ሃገር ክማኸር ምዃኑ ምሕባሩ ይዝከር።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | 11/08/2023 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17 ከባቢ ሲኒማ ሓማሴን | 123690 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565